ፍሉይ ሕታም

# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.229 ሓሙስ 25 ግንቦት 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2



ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ...

ገጽ 3

ሪፖርታዥ ወግዓዊ ጽምብል...



ገጽ 5



ስብ ፍሉይ ካርድ

ገጽ 6



ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ህዝባዊት ረፑብሊክ ቻይና

ገጽ 11



ባለንሽያ ተቖጺዓ

# ወግዓዊ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ብልዑል ድምቀት ተኻዪዱ



ወግዓዊ ጽምብል ማበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ "ቅያ ስጡም ማስርዕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ብልዑል ደምቀት ተኻዪዱ።

ኣበ'ቲ ብናይ ክብሪ ሰላምታ ንክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዝኸረ-ሰማእታትን ዝፈለመ ወግዓዊ ስነሰርዓት፡ ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና፡ ብልዑል ሞራልን ብሃገራዊ ኩርዓትን ወዕወዕ ቅን ናጽነት ከስተማቕር ምውርሑ ብምጥቃስ፡ ንክብሪ ዑደት ህያብ ናጽነት ብምለኣ ሓፋሽ ህዝብና ንዘተረኽዮ ታሪኻዊ ተሳትፎ፡ ከም ኡ'ውን ብኩሉም ኣካላት ንዘተራእዮ ምትሕብባርን ደገፍን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "ዕለተ ናጽነት 2023፡ ናጽነትናን ልኡላውነትናን ወህደትናን ዝያዳ ተኸሊዑ፡ ምረሻና ንልምዓትን ዕበየትን ጉልበቱ ኣብ ዝሸደሉ ታሪኻዊ እዋን'ያ ትብዕል ዘላ" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ኣስታት 80 ዓመታት መዋእል፡ ዓለማውያን ሓይልታት ዕብለላ፡ ብቐንዱ ጃንዳታት ዋሽንግተንን ሰብዚቲዳናምን፡ ኣንጻር ሓርነትናን ናጽነትናን ኪጥቀሙሉ ዝጸንሑ ሾጣራ፡ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣናቖትካ ቀጻሊ ኩናት ምስዋር ምንባሩን ከምዝዩሰርሐ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት - "ሓድሽ ምዕራፍ ተገጺሉ" ኣብ ዝተባህለሉ ድማ፡ ዋሽንግተን ኑቲ እወታዊ ክስተት ንምቕልባስ 'ወከልተይ' ብእትብሎም ሰለስተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት ከምዝተፈደት፡ እቲ ናይ መወዳእታ ሳልሳይ መጥቃዕቲ ብወሁድ ምክልኻል ስለዘተገትአ ኸኣ፡ ምስናይ ሓደ-ሓደ ስክፍታታት፡ እቲ ምዕባለ መለበሚ ኩይኑ፡ ንመጻኢ ዕድል ሰላም ኪኸፍት ተስፋ ህዝብታት ተዛቢሩ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝብታትን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪቓን ኣፍሪቓን፡ ናጽነቶምን ልኡላውነቶምን ኪኖ ምሕላው፡ ዞባውን ክፍለ-ዓለማውን ጥምረታት እናነደቑ ኪጎዓዙ ግድነት እምበር ሕርያ ስለዘይኮነ፡ መንግስቲ ኤርትራ - ንዞባ ሓብራዊ ቀጠባዊ ዕበየትን ርግኣትን፡ ምምጣት ሸበራን ጸረ-ድሕነታዊ ሽርሒታትን፡ ከም ኡ'ውን ንዞባዊ ጥምረት ከይተሓለለ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ ብምሕባር፡ ብዙሕ ተሰፋታት ዝሁብ ክስተታት እናሃለወ - እዚ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሱዳን ዝተወልዐ ወተሃደራዊ ግጭት፡ ኣሰካፊን ዝያዳ ኣቓልቦ ዝሓትትን ምዕባለ ከምዝኾነ ኣገንዘቡ።

ትሰፍው ዘቤታዊ ኩነታትናን ምዕባሌታቱን፡ ምስ ሓደ-ሓደ ዘሰክፍ ዞባዊ ክስተታት፡ ኣብ ውሽጢ ዓለማዊ ነውጺ ዝመስል ኩነታት ዝርአ፣ ዝምድናታቱን ተጻላላውነቱን ድማ ብውድዓውነት ምግንዛብ ዝሓትት ምዃኑ ዘገንዘበ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጃንዳ ዋሽንግተን ዝመርሖ ዝጠፈሸ ኪዳን ሰሜን-ኣትላንቲክ ኩነ ዝተፈራኸሸ ገዛዚዊ ኪዳን ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ንዘፍልዐ ዓማጺ ኣጀንዳታቶም ጸዐቕ-ክዕክን ንምግባር ዘኪይድዎ ከንቱ ህቀናታት፡ ዓለም ረቢሹ ዘሎ እዋናዊ ተርእዮ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

**(ምሉእ ትሕዝቶ ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ገጽ 2 ኣሎ)**

ብድሕሪ'ዚ፡ ብ024 ሚያዝያ ካብ ናቕፋ ዕማኮ ሓመድ ሒዛ ዝቐለትን፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ዕማኮ ሓመድ እናተወሰኻ ንወርሒ መመላእታ ብመሬት፡ ብኣየርን ብባሕርን ዑደት ክትገብር ዝቖየትን ጸዋእ "ህያብ ናጽነት"፡ ብምዕሩግ ኣገባብ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተረኪቡ።

ንክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ወግዓዊ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት፡ ንህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፣ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየርን ፖሊስን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝውክል ብዝበለሓት ዝቖመ ምዕሩግ ወተሃደራዊ ሰልፊ፣ ንዝሓለፉ መሪርቲ መድረኻትን ዝተጨበጡ ኣደናቒቲ ዓወታትን ዝገልጽን ዘቖናኽርን ብትልሂት ዝተሰየ ባህላዊ መደብ፡ መዚቃዊ ምንቅስቓሳዊ ድራማ፡ ከም ኡ'ውን ኣስታት 3 ሽሕ ተመሃሮ ዝተሳተፍዎ ንመኸተ ሰለስተ ወለዶታት ዘንጸባርቕ መሳጢ ስፖርታዊ ትሕዝቶታት ብዘጠቓልል መሰናድኣታት ማዕረጉ ነይሩ።

# መራሕቲ ሓሙሽተ ሃገራት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ መራሕቲ ቻይና፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሊብያ፡ ኢጣልያን ፈረንሳን፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ማታሜላ ሲሪል ራማፎሳ፡ ፕረዚደንት ሊብያ ዶ/ር መሓመድ ዩንስ ኣልመንፊ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኢጣልያ ሰርጆዮ ማታሬላ፡ ከም ኡ'ውን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ብስም መንግስታቶምን ህዝባቶምን ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምድንፋዕ ከምዝሰርሑ፣ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ድማ፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ተሓባቢሮም ክሰርሑ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።



ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ ብተወሳኺ፡ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፣ ጽምብል መበል 30 ዓመት ምምስራት ወግዓዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን'ውን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ፡ ኣብ ምሕዝነት፡ ቅንዕና፡ ሓብራዊ ምዕባለ፡ ከም ኡ'ውን ምድግጋፍ ኣብ ሓብራዊ ረብሓታትን ብደሆታትን ዝተሰረተ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ዓቢ ገስጋስ ከምዝመዝገበ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ ኣስዒቡ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ካብ 14 ክሳብ 19 ግንቦት ኣብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ንዝገበሮ ዑደትን ኣብ ምዕማቕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሓብራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ንዘተበጽሐ ኣገዳሲ ምርድዳእ ጠቒሱ፡ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝምዕበል ጸኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

# ቅያ ስጡም መስርዕ!

# ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ጽምብል መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ - 24-5-2023



## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፣ ምስ ኩሎም ፈተውቱን ሓራ ህዝቢ ዓለምን፣ የቐንየልና ንዕለተ ናጽነት 32! ንዝ ዕዙዝ ዕለት ንምምዕራግ፣ ኣብዮ ቦትኡ፣ ገጸ-ን ቀስቃሲን መሳጢን መሰናድኣታት ኣብ ምድላው፣ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኩሎም ከኣ፣ ልዑል ምስጋና!

ዕለተ ናጽነት 2023፤ ናጽነትናን ልዑላዊነትናን ወህደትናን ዝያዳ ተኸሊዩ፤ ምረሻና ንልምዓትን ዕቤትን ገልቢቱ ኣብ ዝኸደሉ ታሪኻዊ እዋን'ያ ትብዓል ዘላ፡፡ መጻኢ'ዚ ዓቢ ተስፋ ዝሁብ ክስተት/ኩነት፤ እንታይን ብኸመይን? ዝብሉ ብድሆታት'ውን ስለዘይጋጥሙ፤ ናቱ ፍሉይ ተኣሻጦ (excitement) ኣለዎ፡፡ እዚ ቀስቃሲ ምዕባለ'ዚ፤ ኑዩም ናጽነትናን ልዑላዊነትናን ወህደትናን ልምዓትናን ራህዋናን ዘይሰከቐለም ዝጠፈሹ ተጻብኦቲ፣ ዝበለየ መጻሕፍቶም እናኾኸሉ፤ ምህዞታት ተኻኪል ሃሰው ዝብሉሉ ኢጋጥሚ'ውን ስለዘኸሉ፤ ካልእ ዓይነት ብልሓተ-ብድሆ ዝሓትት'ዩ፡፡

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ኣብ ናይ ሎሚ ናጽነት'ውን ከምዝጠቐስክዎ፤ ኣብ ናይ'ዚ ዝሓለፈ፣ ናይ ሰለስተ ወለዶታት፣ ኣስታት 80 ዓመታት መዋእል፤ ዓለማውያን ሓይሊታት ዕብለላ፤ ብቐንዱ ጃንዳታት ዋሺንግቶንን ሰብኪዳኖምን፤ ኣንጻር ሓርነትናን ናጽነትናን ኪጥቀሙሉ ዝጸንሑ ሸጣራ፤ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣናቖትካ፤ ቀጻሊ ኩናት ምስዋርዩ ነይሩ፡፡ ንዝኸዕነ ጥርጣረ ቦታ ዘይገድፍ ሓቂ ኸኣ እቲ ሸጣራ ከምዝሰርሐ፤ ዘረጋግጽ ጥራይ'ዩ፡፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት፤ "ሓድሽ ምዕራፍ ተኸፊቱ" ኣብ ዝተባህለሉ፤ ዋሺንግተን ኑቲ ኣወንታዊ ክስተት ንምቕልባስ፤ ብወክልተይ እትብሎም፤ ሰለስተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት'ያ ኣካዪዳ፡፡ እዚ ናይ መወዳእታ ሳልሳይ መጥቃዕቲ፤ ብውህድ ምኽልኻል ስለዘተቐትኤ ኸኣ፤ ምስናይ ሓደ-ሓደ ሰክፍታታት፤ እቲ ምዕባለ መለበሚ ኮይኑ፣ ንመጻኢ ዕድል ሰላም ኪኸፍት ተስፋ/ትጽቢት ህዝቢታት ተሓቢሩሉ'ሎ፡፡ ሞሳ ንሓምኤ፡፡

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ህዝቢታትን ሃገራትን ቀርኒ-ኣፍሪቃን ኣፍሪቃን፤ ናጽነቶምን ልዑላዊነቶምን ኪና ምሕላው፤ ዞባዊን ክፍለ-ዞባዊን ጥምረታት እናነደቑ ኪጕዓዙ፤ ግድንትን'ምበር ሕርያ ኣይኮነን፡፡ ስለ'ዚ ኸኣ'ዩ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰላሳ ዓመታት፤ መንግስቲ ኤርትራ፣ ንዞባዊ ሓባራዊ ቁጠባዊ ዕቤትን፤ ንርግኣትን ምምኻት ሽበራን ጸረ-ድሕነታዊ ሽርሒታትን፤ ንዞባዊ ጥምረት ክይተሓለለ ዝሰርሐ፡፡ ብዙሕ ተስፋ ዝሁብ ክስተታት እናሃለወ ግን፣ ከም'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፣ ኣብ ሱዳን ዝተወልዐ ወተሃደራዊ ግጭት፤ ጸገማት መብጽዓና'ኳ ተዘይተኻኢሩ፤ ኣሰካፊን ዝያዳ ኣቓልቦ ዝሓትትን ምዕባለ'ዩ፡፡ ኣብ ዝተኻየደ ቃሉ-መሕትት ከብርሆ ከምዝፈተኹ፤ ናይ ህዝቢ ሱዳን መሰጋገሪ መድረኽ ናብ በሪ ኣማን፤ ሓጺርን ንጹርን ጕደና እናሃለዎ፤ ብዘይቅርዑይ ዘቤታዊ ኣተኣላልያን ቅሉዕ ግዳማዊ ምትእትታዋትን፤ እቲ ጉዕዞ ካብ መኣዝን ስለዝወጸ፤ ሓደገኛ ምዕባሌታት ኣኸቲሉ፣ ዘዋላቡ ዕቱብ ዞባዊ ተበግሶ ከምዝሓትት ኣብሪሁ ኣሎ፡፡

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ትስፉው ዘቤታዊ ኩነታትናን ምዕባሌታቱን፤ ምስ ሓደ-ሓደ ዘሰክፍ ዞባዊ ክስተታት፤ ኣብ ውሽጢ ዓለማዊ ነውጺ ዝመስል ኩነታት ዝርኣን፤ ዝምድናታቱን ተጻላላዊነቱን፤ ብወድዓዊነት ምግምዛብ ዝሓትት'ዩ፡፡ ብሓፈሻዊ ትንታኔኣዊ ኣገማግማ፤ ካብ ናይ ኣስታት 30 ዓመታት፣ ናይ ከንቱ (futile) ህቀና ንእኩቓጽራዊ ዓለማዊ ስርዓት፤ ናይ ሓድሽ ዓለማዊ-ስርዓት ንስጋር ኣሎና፣ ኪብሃል ይከኣል፡፡ ጃንዳ ዋሺንግተን ዝመርሐ፣ ዝጠፈሸ ኪዳን ሰሜን-ኣትላንቲክ ኩሉ፣ ዝተፈራኸሸ ናይ ገዝኣዊ ኪዳን ኤውሮጳዊ ሕብረት፤ ንዝቑልዐ ዓማጺ ኣጀንዳታቶም፣ ጽዑቕ-ክንክን (intensive care) ንምግባር ዘካይድዎ ከንቱ ህቀናታት፤ ዓለም ረብሻ ዘሎ እዋናዊ ተርእዮ እዩ፡፡

ፍልስፍናኦም ኩሳ ሽቶታቶም፤ ሓድሽ ምህዞ የብሉን፡፡ "ዘይናትካ ሃብቲን ጸጋን ዕድልን ምእንቲ ክትግዝእ፤ ዓለም ኣብ ናይ ጽልዋ ክሊታት ከፋፊልካ ዓብልል" እዩ፣ ናይ ወለዶታት ታሪኾምን ባህሎምን፡፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት፣ ድሕሪ ምኽታም ዝሑል ኩናት ግን፤ ብጋጥሚ ጌጋታት መራሕታ፤ እታ ቀዳመይቲ "መወዳድርትና" ዝብልዋ ሶቭየት-ሕብረት ስለዝተፈራኸሸትሎም፤ "ደገም ዓለም ናትና ክትከውን'ያ!" ካብ ዝብል ዝጋለበ ህንጡይ ዕንደራ ዘለሎም፤ "ድረታ" ዝሰመዩዎ ውጥን ኣዋዲዶም፤ ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ጸብለልትነት፣ "ብቑጠባዊን ወታሃደራዊን ቴክኖሎጂያዊን ... ሓይሊ) ዝዓረኻ/ዝወዓደረና ጉብለል ከህሉ የብሉን ኢሎም፤ ክፉት ኩናት ኣዊጆም'ዮም ኪጕዓዙ ጸኒሖም፡፡

ኣብ መጀመርያ 90ታት፤ እታ ቀዳመይቲ ስግኣት ዝቑጸሩዋ ሩሲያ ስለዝበረት፤ "ድረታ" ናብኣ ዘዝበለ'ዩ ነይሩ፡፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፣ ንቻይና ከም ምንጪ ሕሰር ዓያዩ ጸጋን፣ ብልጫታት ጸዓትን፤ ከም ጉልበት ክንዝምዝሞ ንኽእል ኢና ኢሎም፣ ብጌጋ ስለዝገመቱ፤ ከም'ዚ ሕጂ ርኢዶሞ ዘለው፤ ኣይተሰከፉላን፡፡ ናይ ቻይና ዓርሞሸሽ ብልጫታት እናጉልሐ ምስ ወጸ ግን፤ ምስናይ ዘየዱዎ ናይ ምምጽዳቅ ፕሮፖጋንዳ፤ ቻይና፣ ቀዳመይቲ ስግኣቶም ኮይና፤ ዝዓበየ ናይ "ድረታ" ሻቕሎቶምን ቀርቀሮምን፤ ኣንጻራ ዝቐንዐ'ዩ፡፡

እዚ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም፣ ብዋሺንግተንን ሰዑብታን ኪህንደስ ዝፍተን ዘሎ ሓደገኛ ኪዳናት፤ ምፍሻሉ ዘይተርፍ'ኳ እንተኾነ፤ ቅልውላዋት እናራብሐ፤ ዕንወት ከኸትል ስለዝኽእል፤ ዝርዝራዊ ክውን ምዕባሌታቱን፣ ንቢያታቱን፣ ብጠቓ ጉዲፍና፤ ብሰፊሕ ዓለማዊ ምትሕብባር፤ ኣሉታዊ ሳዕቤናት'ቲ ዕንደራ ንምውጋድን፤ ሓድሽ ናይ ፍትሒ ዓለማዊ ስርዓት ንምምጻእን፤ ናይ ሓራ ህዝቢታት ዓለም፣ ምሕዝነትን ምትሕብባርን ኣድላዪነት፣ ዘከራኽር ኣይኮነን፡፡

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ዘቤታዊ ይኹን ዞባዊን ክፍለ-ዓለማዊን ኩነታትና፤ ምስ ዓለማዊ ምዕባሌታት ብወድዓዊነት እናዛመድና ኣብ 'ንጕዓዘሉ፤ ከም ኢጋጥሚ፤ ኣብ'ዚ ትስፉው ዓለማዊ ምቅይያራት ዝረኣየሉ ዘሎ ሃዋህው፤ ሓድሽ ኣለም'ኳ 'ተዘይተባህለ፤ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተዘርገሐ "ጥምር ሃገራዊ እስትራተጂ" (Integrated country Strategy) ዝተሰምየ ሰነድ ዋሺንግተን'ዩ፡፡

ኣብ ኣጠቓላሊ ትሕዝቶኡ፤ ኤርትራ ንምስይጣንን፣ መልክዓ ንምድዋንን፣ ዝፋፈጦ ሕሱር ቅጽላት ብዙሕ'ዩ፡፡ ሓይሊታት ምኽልኻል ኤርትራ፣ ብዋህሰት ንምጥቃን ዝዑበሮ ህቀና'ውን ውሑድ ኣይኮነን፡፡ ካብኡ - ናብኡ፤ ብዛዕባ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘለዎ ራዕዲ ርኢይ'ዩ፡፡ ብዛዕባ ቻይናን ጽልዋኣን ኩሉ ዝሓልሞ ሓደጋታትን'ውን ከይተሓብኦ፤ ቻይና UN ክትዕብልል ትሰርሕ ከምዘላ፤ ቻይና ንምድራትን ኣብ ቁጠባ ኤርትራ ከይተወፍርን "ጽልዋኣ" ከጥፍእን ክሰርሕ ምዃኑ ኣብሪሁ'ሎ፡፡ ናይ መወዳእታ ዕላማ ናይ'ቲ እስትራተጂ ኸኣ፤ ንመንግስቲ ኤርትራ ምንጻልን፣ ብቑጠባዊ እገዳ ምድኻምን ኮይኑ፤ ዞባዊ ተራ ኤርትራ ምድራትን፤ መጻኢ ወለዶ ንምስዓዕ ምብልሓትን'ዩ፡፡ እቲ ሰነድ፤ ኩናት ይእውጅ ከምዘሎ፣ ኑብሱ-ገለጺ'ዩ፡፡

ከም'ዚ ዝበለ፤ ኣህጉራዊ ሕገታት ዝረግጽ፤ ናጽነትን ልዑላዊነትን ህዝቢ ዝግህስ፤ ዞባዊ ርግኣት ዝሰርግ ዓንዳሪ ምትእትታዋት፤ መርኣያን ምስክርን ባህርያት ዋሺንግተን ጥራይ ዘይኮነ፤ ናይቲ ስርዓት ፍሽለትን ጥፍሽናን'ውን፣ ኣጕሊሑ ዘጽርዩ፡፡ ኣብ መንጎ ማስመራት ንምንባብ ኩነ፤ ዘይተቓልዑን ዘይተኣወጁን ሰነዳት'ውን እንታይ ክብሉ ከምዝኽእሉ ንምምማት ስለዘጸግም፤ ብዘቤታዊን ዞባዊን ዓለማዊን ደረጃታት፤ ናይ መኸተ ውጥናት ከለሰብን ኣወርኢጸካና፤ ጸጋታትን ሓይሊን ኣኪኻኪዩ፤ ብቕያ ምምራሸዩ ፈውሱ፡፡

## ዝኸበርክን ዝኸበርኩምን

ናይ መኸተ ኩሉ-መዳያዊ ሕርያና፤ ከም ወትሩ ባዕላዊ ዘይኮነ፤ ዓቢ ክፋሉ፤ ብእስትራተጂ ተጻብኦቲ ስለዝውሰን፤ እቲ ሜዳ እንታይ ከምዝመስል፤ ኣጸቢቑ በሪሁ'ሎ፡፡ ብወህሉል ዕውት ተመኩሮና፤ ተኸሊዩን ተደሪዑን ዘሎ ናጽነትናን ልዑላዊነትናን ሰጡም መሰረትና፤ ምረሻና ንልምዓትን ዕቤትን ዓጽፉ ኣጕልቢትና ክንጥፍፍ፤ ተኸሊሶም ዘለዉ ናይ ትሕተ-ቕርጺን ጸዓትን ማይን ባሕርን ሕርሻን ዕደናን መጓዓዝያን ምስናዕን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ሰፊሕ ህዝባዊ ወፍሪን ልዑል ኣበርክቶ ንምግባር፤ ተበግሶታትና ከዕዝዝ ሰበዋ ዘድልዩ ኣይኮነን፡፡ በንጻር ተጻብኦታት፤ ናጽነትናን ልዑላዊነትናን ወህደትናን ሓሲኻና፤ ርጉእ ሃዋህው ልምዓት ንምውሓስ ከኣ፤ ትኽስ/ምዝናይ ኣይከኣሉን'ዩ፡፡

ካብ ዘቤታዊ ቀዳምነታትና ብዘይፍለ፤ ኣብ ዞባዊን ዓለማዊን መድረኻት ዝጸበዩና ዕማማት'ውን፤ ማዕረ-ማዕረ፡፡

**ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና!**
**ዓወት ንሓፋሽ!**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ    ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ    ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ዓንሰባ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ብድምቀት ተጸምቢሉ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ብደረጃ ዞባ ብ23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ ኣብ ስታድዮም ከተማ ከረን ብኽቡብ ዝበለ ድምቀት ተባዒሉ፡፡

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ዝርከቦም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓድን ብኣሽሓት ዝቑጸር ህዝብን ዝተረኽቡሉ ጽምብል፡ ንመድረኻት ምምጻእን ምዕቃብን ናጽነትን ዝተሰዋሩ ማስገደላትን ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ቀሪቡ፡፡

እቲ ምርኢት፡ ንዓመታት ዕጥቃዊ ቃልሲን ናጽነትን ብዘወክሉ 62 ጥንዴራታት ህዝባዊ ግንባርን ኤርትራን ብዘሓዘ ተመሪሑ፡ ኣብ ጽዋእ ናጽነት ዑደት ከኺዱ ንዝቐጸለ ሓመድን ትርጉሙን ብዘገልጽ ጭርሖታት፡ ከምኡ'ውን ንመሳርሕ ረፈረንደምን መኸተ ወራራት ጃንዳ ወያንን ብዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ማዕርጉ ነይሩ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ሓምላይ ሸሩን መሬት ንምስፋሕን ማይ-ክዕታት ንምፍጣሽን ዝቐደ ሓባራዊ ዕዮ - ብልዑል ወህደት ክትግበር ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ጽዋእ "ህያብ ናጽነት" ንምቕባል ብዝተገበረ ምድላዋትን ዝተራእየ ድምቀትን ንኣሰ ዞባ ዓሳብርዕድ ብልጽቲ ኩይና ተሸሊማ፡፡



# ወግዓዊ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ!

## ሪፖርታዥ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ወግዓዊ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ትማሊ 24 ግንቦት 2023 ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብኽቡብ ዝበለ ስነስርዓት ተኻይዱ። እዚ ዝጸበየ ኣውደኣመት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ጽምብል፡ ብዘኽሪ ናይቶም ናብዚ ራህዋ ንኽንበጽሕ ዘብቅዑና ሰማእታት እዩ ተኸፊቱ።



ኣብቲ "ቅያ ሰጠም ማሳርዕ!" ብዝብል ቴማ ዝተመርሐ ምዕሩግ ጽምብል፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ "ልኡላውነትናን ወህደትናን ዝሃዳ ተኸሊሉ፤ ምረሻና ንልምዓትን ዕቤትን ጎልቢቱ ኣብ ዝኸደሉ ታሪኻዊ እዋን'ያ ትብዕል ዘላ" ኢሉ። መጸኢ ኤርትራ ዓቢ ተስፋ ዝሀብ ክስተት ዝሓዘለ ኮይኑ፡ እንታይን ብኸመይን ዝብሉ ብድሆታት ዘለዓልል ምዃኑ ድማ ገሊጹ። ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ ዘይውሓጠሎም ተጻብኦቲ፡ ገና ተኸኢሎዮም ስለዘየዕረፈ፡ ትኽረትናን "ካልእ ዓይነት ብልሓተ-ብድሆ"ን ከምዝሓትት ድማ ኣስሚሩሉ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ናብ ሓዳሽ ዓለማዊ ስርዓት ንሰጋገር ከምዘለና ዝጸረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዋሺንግተንን ሰዓብታን ዝህንደስ ዘሎ ሓደገኛ ኪዳናትን ዕንደራን ንምውጋድ፡ ናይ ሓራ ህዝብታት ዓለም ምሕዝነትን ምትሕብባርን ክድልድል ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣቦመንበር ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ወሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ክቡር ልደት ሃገሩ ዝበቕዕ ህያብ ንምድላው ንዘበርከቶ ኣበርክቶ ሞጎሰ። ነቲ ኣብ ኤርትራ ኣውራ ናይ ኣውደኣመታት ዝኾነት ዕለተ-ናጽነት ንምድማቕ ንዝጸዓሩ ትካላት ሓይልታት ምክልኻልን ብዘውክል ብሎኮት ዝቘመ ወተሃደራዊ ሰልፊ ብስመር ኣካዪዳ ብቕድሚ ዕዱማት ክምርሽ እንከሎ፡ ስታድዮም ብጣቕዒትን ዕልላትን ኣንጎድጒደ።

ብድሕሪኡ ዝቐጸለ፡ ምቕባል ናይታ ብ24 ሚያዝያ፡ ካብታ ትእምርቲ ጽንዓት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ህግደፍ፡ መንግስቲን ማሕበራትን ድሕሪ ምምስጋን፡ ብፍላይ ኑቶም ነዚ ክቡር ዕለት ንምምዕራግ፡ ድኺም ከይበሉ ዝጸዓሩ ሱቡሞያ ስነጥበባውያን፡ ኣስታት 3000 ተመሃሮን ዕዙዝ ምስጋናኡ ኣቕረበ።

ቀጺሉ ዝቐረበ፡ ብማርሽን ጣንድ ዝተሰነየ ድሙቕ ወተሃደራዊ ሰልፊ እዩ። እዚ ብማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣደቶምን ነዊሕን ምድላዋት ከምዘተግበረሉ ዘመስከረ ሰልፊ፡ ብሃገራዊ ጣንድ ምርሻ እናተሰነየ፡ ንኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናይ ክብሪ ሰላምታ ሂቡ። እቶም ብበለቓት ተኸፋፊሎም ብስመር ኣካዪዳ ዝምርሹ ሰልፈኛታት፡ ኣቶም ወቅልና ዝበርም እዮም። ፈለማ ናጽነት ንዘምጽኡ ተጋዳላይ ዘውክሉ ሰብ ጥወዮ ዝጸላን ጋምባለን ብጣቕዒትን ዕልልታን ህዝቢ ተሰጂዮም ናብቲ ስታድዮም ኣተዉ። ብምቕጻል ነቲ ዓቃብ ናጽነት ዝኾነ ሓይልታት ምድሪ፡ ኣየርን ባሕርን ዘውክል ሰልፊ ተኸታቲሉ ቀረበ። ሰላምን ጸጥታን ህዝቢ ከይዝረግ ወትሩ ከይደቀሰ ዝሓድር ፖሊሰውን ድሙቕ ሰልፊ ኣርኣዩ። ኣብ መወዳእታ ኑቶም ተቐበልቲ ሕድሪ ዝኾኑ ሰልጠንቲ መኣከር ሳዋ ዘውክሉ - ኣባላት መበል 35 ዙርያ መሳጢ ሰልፊ እናኣርኣዩ ብቕድሚ ናይ ክብሪ ትሪቡን ሓለፉ።



እቲ ንሓይሊ ምድሪ፡ ሓይሊ ኣየር፡ ሓይሊ ባሕሪ፡ ፖሊስ፡ ማእከል ስልጠና ከተማ ናቕፋ ዝዘለለት 'ጽዋእ ህያብ ናጽነት' እዩ። እታ ሓመድ ኤርትራ ሕድሪ ሰውኣት ምዃኑ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ፡ ካብቲ ቀዳሞት ተጋደልቲ ንስለ ናጽነት ዝወደቑሉ መሬት፡ ዕማኾ ሓመድ ሒዛ ዝዘለለት ጽዋእ፡ ኣብ ኩሉ ከርናዓት ሃገርና ንዝተቐብሩ ሰውኣትና ንምዝካር ካብ ነፍሲ ወከፍ ዞባ ዕማኾ ሓመድ እናተወሰኻ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ኣብ ኣስመራ ኣትያ።

"ጽዋእ ህያብ ናጽነት"፡ እቶም ደገል ሃገርም ዝኾኑ ኣረከብቲ ሕድሪን ተቐበልቲ ሕድሪን ዝኾኑ ሰብ ስጡም መሳርዕ ንነዊሕ ጉዕዞ እናተቐባበሉ፡ ኣብቲ ዝግባእ ናይ ክብሪ ቦታኣ ኣብጺሖማ። ንትሽዓት ብሄራትና ብዘውክሉ መንእሰያት እናተዓጀበት ናብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝኣተወትሉ ህዝቢ ብድሙቕ ኣንጉበ ተቐበሉ። ኣማስያኡ ድማ ነቲ ምዑት ሰራዊት ሓይልታት ምክልኻል ዘውክሉ (ወዲን ጓልን) መንእሰያት፡ ብወተሃደራዊ ሰላምታ ኣሰጊዮም ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣረከብዎ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ ብናይ ህዝቢ ጣቕዒትን ዕልልታን ተሰንዩ ንኽብሪ ደው ኢሉ ነታ ጽዋእ ተቐበሉ።





'ጽዋእ ህያብ ናጽነት' ነቲ ንልዕሊ 80 ዓመት ኣንጻር ኤርትራ፡ ዝተኻየደ ተጻብኦን ንዕኡ ንምምካት ዝተሓልፈ ጸገማትን ተወፋይነትን፤ ሕጂ ድማ መብጽዓና እነሐድሰሉን ንልምዓት እጅንና ንስብስቡን እዋን ምዃኑ እተዘኻኽር እያ።

ድሕሪ ምቕባል 'ጽዋእ ህያብ ናጽነት' እቲ ብጦንዴራታት ዝወቀበ ስታድዮም ኣስመራ፡ ዝተፈላለየ ስነጥበባዊ ምርኢታት እዩ ኣኣንጊዱ። ፈለማ፡ ደምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን'ዩ 'ህዝቢ' እትብል ደርፊ ኣቕረበ። ሓጃይት ምንዳል እውን 'ቡላር ካና' እትብል ናይ ብሌን ደርፊ ኣስዓበት። ቀጺሉ፡ ደምጻዊት ኣብርሀት ኣንከረ 'ኣላሸ ኣብልናዮም' እትብል ዝኽሪ እትቕስቅስ ናይ ሜዳ ደርፊ ብትልሂት ተሰንያ ኣቕረበት። ጸምጻዊት ራሄል ተኽልዝጊ 'የሃና' ምስበለት፡ እቲ ወናም ደምጻዊ መሓመድ ደናፍ 'ዎ ኣማር' ትብል ደርፊ ቋንቋ ብዓዌት ኣስመዐ። ደምጻዊ ተስፋይ መሓሪ (ፍሒራ)ን ደምጻዊት ሳባ ዓንደማርያምን ብሓባር ዝደረፍዋ 'ብርሃን' ዘርእስታ ደርፊ እውን ሰዓቡ። ከምኡ እናበሉ 'ሓሬሪ' ናይ ቋንቋ ሳሆ ብማሕሙድ ኣሕመድ፡ "ኤርትራ ኣጋራ" ብኩናማ ብመንግስትኣብ ገ/ጊዮርጊስ፡ 'ጹሓይ' ብዓዊት ተ/ሰንበት፡ ከምኡውን ብቋንቋ ትግራይት 'ነካብ ስማ' ብሙራድ ፍስሃየን 'ሻላማላ የለን' ብደምጻዊ ሬዘ ኣሎምን ተኸታቲለን ቀረባ።



ብዘውሳኺ፡ ኣብቲ ጽምብል ዝቐረበት፡ 'ምልኣት ቀልደድ' እትብል መዚቃዊ ድራማ፡ ነቲ ኣብ መወዳእታ ናይ 19 ክፍለ ዘመን፡ ኤውሮጳውያን ግዝኣት ንኣፍሪቃ ጎዚዮን ንምግዛእ ዘቐደኦ ምቅድዳምን ዘስዓቦ ዕንወትን ትገልጽ ኮይና፡ ኣብ 50'ታት ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝነበራ ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነተን ክወስዳ እንከለዋ፡ ኤርትራ ግን ብዓመጽ ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ከምዝተገበረት ትተርኽ። ንዝተፈላለዩ መድረኻት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘውክልን ኣማሲያኡ ብዓወት ህዝባዊ ግንባርን ዝተዛዘመ ቃልሲን ድማ ብመልክዕ መዚቃዊ ምንቅስቓስ ቀረበ።

ናይቲ ዓቢ ጽምብል ዓመታዊ-ልደት ኤርትራ ዝኾነ ተሳተፍቲ፡ ኣውራ ድማ ብሕብሪ ጦንዴራታት ዝወቀበ ክዳን ዝለበሰ ደቀንስትዮን ጦንዴራታት ዝሓዙ ደቂ ተባዕትዮን፡ በቲ ሃገራዊ ወኒ ዘለዓዕል ደርፍታት እናተወዛወዙ ነቲ ጽምብል ደምቀት ወሲኾሙሉ ነይሮም።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዓሰ ናጽነት ካብ ዘስተንፍስ ድሮ ዕድመ ክልተ ኣንብዘ ኮይኑ። ወናኒ ናጽነቱን ሃገሩን እኳ እንተኾነ፡ ካብ ቀረባን ርሑቕን ብዝዘበሰ ቀጻሊ ተጻብኦን ሽርሒን ኣይቀሰነን። ናጽነቱ ንምርካብ ከቢድ ዋጋ ዝተሓተተ ህዝቢ ከም ምዃኑ መጠን፡ ዓመት ዓመት ኑታ ናጽነቱ ዘበሰረት 24 ግንቦት ብዘለዓለ ክብሪ ክጽምብላ ናይ ግድን እዩ። እዛ ዕለት መኽተምታ መግዛእቲ ዘበሰረት ብምዃና ጥራይ ዘይኮነት፡ ፍረ ናይቲ ጽቡቕ ዘይውዳእ መስዋእቲ እውን ብምዃና እያ።

እቲ ብዘኽሪ ናይቶም ናብዚ ራህዋ ንኽንበጽሕ ዝሓለፉ ሰማእታት ኤርትራ ዝተኸፈተ መደብ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ልክዕ ሰዓት 7፡00 ድ.ቐ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ወግዓዊ ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ካብ ወጻኢ ዝመጽኡ ኤርትራውያንን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኡ ወጻእተኛታትን ዝተሳተፍዎ እዩ ነይሩ።

# ቅያ ስጡም መስርዕ!

## ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

(መበል 12 ክፋል)

ሰለሙን በርሀ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ንሻድሻይን ሻብዓይን ወራራት (ቀዳማይን ካልኣይን ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ) ድሕሪ ምሕምሻሹ፣ ናብ መድረኽ ጃላኑት ዘሰጋገረ ወተሃደራዊ ስርሒታት ኣብ ተሰነይን ዓሊግደርን ኣካዪዱ፣ ብድሕሪኡ ኣብ መጋቢት 1984 ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንዝነበረ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጲያ ውቃው እዝ ከምዝደምሰሶ ተመልኪትና። ኣብ 1985 ኣብ ባረንቱን ከባቢኣን ዘካየዶ መጥቃዕቲን ምትሓዝ ባረንቱ ንስርዓት ደርግ ዝፈጠረሉ ነውጺን እውን ርኢና። መቐጸልታኡ ደስዕቡ-

### ሻሙናይ ወራር - ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ

እዚ ብወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ዝፍለጥ ሻሙናይ ወራር፡ ምስ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ባረንቱን ከባቢኣን



ተኣሳሲሩ ዝመጸ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ሓምለ 1985፡ ነቲ 3000 ዓቕሚ ሰብ ዝነበሮ፡ ብታንክታትን መዳፍዕን ጸረ-ኣየር ብጦለሚታትን ዝተጠናኸረ፡ ቀሊል ዘይኮነ ናይ ነጨሎባሽ ሓይሊ ኣብ ጎደኑ ዘሰለፈ፡ ኣብ መዓስከር ባረንቱ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ምስ ደምሰሶ፡ እዚ በርቃዊ መጥቃዕቲ'ዚ ኣብ ስርዓት ደርግ ብርቱዕ ስንባደ እዩ ፈጢሩ። ኣብቲ ሙብዛሕትኡን ከተማታት ኤርትራ ሓራ ወጺኦምሉ ዝነበሩ መድረኽ 1977/1978 ባረንቱ ብሓይልታት ሰውራ ስለ ዘይተታሕዘት፡ ደርግ ንባረንቱ ከም ምልክት ዘይተሰዓረት ሰራዊቱ እዩ ዝርኢያ ነይሩ። እቲ ዝዓበየ ጉዳይ ግን፡ ብምትሓዝ ባረንቱ ክስዕብ ዝኽእል ዝነበረ ሓደሽ ወተሃደራዊ ምዕባለታት ቀሊል ስለ ዘይኮነ ደርግ ንስዕረቱ ኣብ ባረንቱ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ኣብኡ ዝተማረኸ ኣጽዋርን ዝተደምሰሰ ዓቕሚ ሰብን እውን ቀሊል ኣይነበረን። ስርዓት ደርግ ባረንቱ ምስ ተታሕዘት፡ ዝጠዘሐ ክፋል ካብቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሰራዊቱን ካብ ማእከል ኢትዮጲያ ዝወሰኾ ሓይሊን ኣሰሊፉ፡ ባረንቱ ዳግም ተቘጻጺሩ ንዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ከምንጥሎ ብርቱዕ ምርብራብ ኣካየደ። ህዝባዊ ግንባር እውን ልዕሊ ፍርቂ ዓቕሙ ኣብ ውግእ ባረንቱ ኣኽቲትዎ ነበረ። ኣብ እዋን ምርብራብ ከባቢ ባረንቱ፡ ነቲ ዝበዝሐ ዓቕሚ ጸላኢ ንምክልኻል፡ ካብ ግንባር ናቕፋ ክሳብ ግንባር ሓልሓል 2 ክፍላተ-ሰራዊት ጥራይ ንሓለዋ ተረፈን ዝተረፈ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ብምሉኡ ኣብቲ ውግእ ተጸሚዱ ነበረ።

ደርግ ባረንቱ ዳግም ንምቁጽጻር ኣብ ዝፈነዎ ከቢድ ጸረ-መጥቃዕቲ ዝተጠቐመሉ ስልቲ፡ ብጺጋም ብኻላጉል መንገዲ ብምጥዋይ ናብ ባረንቱ ምእታውን ንሸኸኽ ኪሩ-ሳዋ ብምንቅስቓስ ነቲ ኣብ ግንባር ባረንቱ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናብ ሳሕል ከምዝይምለስ ገርካ ምኽርዳዱን ነበረ። እቲ ቦታ ጉላጉል ስለ ዝኾነ፡ ናይ ሓይሊ ኣየርን መካይናይዝድን ዓቕሙ ብዝለዓለ ደረጃ ክጥቀመሉ ዕድል ዝሃበ ነበረ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይምቹእ ኩነታት፡ ኣብ ባረንቱ ዓሪድካ ንዊሕ ግዜ ምርብራብ ሓደገኛ ስለዝነበረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብቕልጡፍ ካብ ባረንቱን ከባቢኣን ኣዝለቑ ናብቲ ቀዋሚ መከላኸሊ መስመሩ ክምለስ ተወሰነ። እቲ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ጸቕጢ ናይ ሰራዊት ጸላኢ እዩ ዝነበረ። ሰራዊት ደርግ ነቲ ኣብ ባረንቱን ከባቢኣን ዝረባረብ ዝነበረ ግዙፍ ሓይሊ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ሳሕል ከይተመልሰ፡ ኣብ ጉላጉል ባርካ ክሕቅቖ፡ ብመንገዲ ብ ኣቢሉ ናብ ሃይኮታ ብምንቅስቓስ፡ ክሳብ ተሰነይ ዓሊግድር ክበጽሕ ከኣለ። ብቤሩ ደማ ንሳዋ ኣተው። ምንቅስቓስ ጸላኢ ቅልጡፍ ስለዝነበረ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ናይ ምዝላቕ መስርሕ ከቢድ ብደሆ'ዩ ገጢምዎ። በዚ ድማ ገለ ክፋሉ ንደቡብ ንሸላሎ ገጹ ከዝልቕ ተገደደ። ጸላኢ ከኣ እግሪ እግሩ ብምስዓብ ንሸላሎ ገጹ ተንቀሳቐሰ። ጸላኢ ብቤሩ ኣቢሉ ሳዋ ስለ ዝኣተወ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ኣዝሊቑ ናብቲ ቀዋሚ ግንባራቱ ክምለስ ገለኡ ብዶብ ሱዳን ብከባቢ ግርማይካ ኣቢሉ ንሰልዓ ኣተወ። እቲ ንሸላሎ ገጹ ዘዘለቐ ከኣ ተመሊሱ ብከባቢ ባድማ ኣቢሉ ብዕበሩ፡ ዓዲ ተኽለሃይማኖት ሓሊፉ፡ መንገዶ ሓጋዝን ዓደርደን ቈሪጹ፡ ብእግሪ ለይቲን መዓልቲን ተጓዒዙ ጸላኢ ከይቀደሞ፡ ናይ ሳሕል ዕርድታቱ ንምድሓን ተጓየየ። ድሕሪ ነዊሕን መሪርን ኣጸጋሚን ጉዕዞ ድማ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ንሰራዊት ናብቲ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ዝነበረ ቀዋሚ መከላኸሊ መስመር ተመሊሰን ዓረዳ።

ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ባረንቱን ከባቢኣን ምስ ኣዝለቐ፡ ስርዓት ደርግ ከም ብሓድሽ 'ሻዕቢያ ኣብ ባረንቱን ከባቢኣን ብዘካየዶ ሓያል ውግእ ተዳኺሙ'ዩ' ብዝብል ገምጋም፡ ንሓደ ወርሒ ቅልጡፍ ምድላዋት ብምግባር፡ ብ10 ጥቅምቲ 1985፡ 'ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ' ዝተሰምየ ሻሙናይ ወራር ኣብ ቀዋሚ ግንባራት ኣጠቐ። ቀዳማይ ገጽ ናይዚ ወፍሪ'ዚ፡ ሃንደበትነት ተጠቒምካ ምስ ምድምሳስ 'ውቃው እዝ' ዝጠንጠኖ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብምምላስ፡ ናብ ደጀን ምእታው ነበረ። በዚ ድማ ኣብ ከባቢ ፈልከት ዝተኣኻኸበ ዓቕሚ ጸላኢ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ እማህሚመ ኣተወ። ብሄሊኮፕተራትን ጃንጥላታትን እውን ኣብ ዒላጻዕዳ ኣየርወለድ ሰራዊት ኣውረደ። ብጠቕላላ ስርዓት ደርግ ብየግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዘውፈሮ ሓይሊ፡ ክልተ ኣጋር ክፍለሰራዊት፡ ክልተ መካናይዝድ ብርጌዳትን ናይ ኣየርወለድ ኣሃዱታትን ነበረ።

ህዝባዊ ሰራዊት፡ ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው እዝ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ከም ግንባር ስለ ዘይነበረ ዝጠዘሐ ዓቕሙ ኣብ ግንባር ናቕፋን ሓልሓልን እዩ ኣሰሊፍዎ ዝነበረ። ነቲ ናብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመሊሱ፡ ናብ ደጀን ክኣቱ ዝሀንደደ ዝነበረ ወራሪ ሰራዊት ንምዕጋት ከኣ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ብፍናይ ቀትርን ለይቲን ጉዕዞ ንጸላኢ ንምቕዳም ተጓየያ። እንተኾነ ጸላኢ ደሮ ቀዲሙወን ኣልጊን ሓሊፉ ቀብር-ወኣት በጺሑ ነበረ። ደሓር ግን ብጸረ-መጥቃዕቲ ንድሕሪት ከምዝምለስ ተገብረ።

ምርብራብ ባረንቱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ገለ ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ጸቕጢ ንምፍጣር ብጺጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ናሮ-ዓንት መጥቃዕቲ ወሲደን ክሳብ ከባቢ በገና በጺሐን ነበራ። ሻሙናይ ወራር ምስ ተጀመረ ግን ንድሕሪት ናብ ቦታኣን ተመልሳ። ኣብቲ ቀዳማይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ፡ ሰራዊት ጸላኢ ብሸንኽ ናቕፋ ዝነበሮ ምንቅስቓስ ክሳብ ክንዲ'ቲ ከቢድ ኣይነበረን። ኣብ ግንባር ሓልሓል ግን ደርግ ናይ ምጥሓስ ስልቲ ተጠቒሙ ነቲ ግንባር ስለ ዘፍረሶ፡ ግንባር ሓልሓል ንድሕሪት ናብ ከባቢ ኣኽዋር፡ ጃንገሬናይ፡ ሸክ ዱባ፡ ተመልሰ። ምትዕርራይ ግንባር ሓልሓል ነቲ ብጺጋሙ ብወገን ሩባ ዓንሰባ ዝነበረ ግንባር ስለ ዝጸለዎ፡ ኣብ በዓል ወርጨጓ፡ ደብረ-መዓር፡ ግርሳሕተ ዝነበረ መከላኸሊ መስመር እውን ንድሕሪት ናብ ደብረ ጊዜ ተመልሰ። በዚ ድማ ኣተሓሕዛ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ካብ ሸክ ዱባ (ባሕሪ)፡ ኣኽዋር፡ ጃንገሬናይ፡ ጊዜ፡ ብሸነ ንክቡብ ብዕራይ ገጹ ከም ዝጸፍ ኮነ።

ሰራዊት ደርግ ነቲ ናይ ሓልሓልን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን መጥቃዕቲ ንምስናይ፡ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ 10 ጥቅምቲ 1985 ወጋሕታ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ካብ እምባ ደንደን ንጺጋም ክሳብ መርከበና ብፍላይ ኣብ መከላኸሊ መስመር ክፍለሰራዊት 61፡ በጦሎኒ 13.3 መጥቃዕቲ ፈንዩ ነበረ። ኣተሓሕዛ ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ስሉው ስለ ዝነበረ ከኣ ገለ ገለ ድፍዓት ተቘጻጸረ። እንተኾነ ኣብኣት ክፍልታት ብርጌድ 13ን ኣጋር ከቢድ ብረት ክፍለሰራዊት 61ን ምስ በጦሎኒ 3 ተደሪቦም ጸረ-መጥቃዕቲ ወሰዱ። ሰራዊት ጸላኢ ድማ ካብቲ ንሓጺር ግዜ ተቘጻጺሩዎ ዝነበረ ዕርድታት ከምዝለቕቕ ተገብረ። ድሕሪኡ ንክልተ መዓልታት ፍሽኽ ዝበለ ውግእ ቀጸለ። በጦሎኒ 3 ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ስለ ዝተበገሰት፡ እቲ ቦታ ካብ ክፍልታት ናቕፋን ክፍልታት ክፍለ-ሰራዊት 61ን ብዝተዋጽኦ ሓይሊ ከም ዝዕጾ ተገብረ። በጦሎኒ 3 ኣብ ውግእ ኣልጌን ተሳቲፋ ዕወት ዕማም ድሕሪ ምፍጻማ፡ እንደገና ናብ ግንባር ናቕፋ ከባቢ ደንደን ተመልሰት። ብርጌድ 81 ናይ ክፍለሰራዊት 61 ብወገና፡ በጦሎኒ 1 ኣብ ሳልፈር፡ በጦሎኒ 2 ካብ ሳልፈር ንጺጋም፡ በጦሎኒ 3 ካብ ታባ ተኣማመን ንየማን ዓሪደን ነበራ። ደርግ ብጸልማት ከደና ንጺጋም ናብ ዕርዲ ኩባንያ ስለዝበለ ከኣ፡ ሓይልታት ህዝባዊ ሰራዊት ናብ ከባቢ መንደዓት ወጺኣን ምስቲ ብኡ ዝተንቀሳቐሰ ሰራዊት ሓጺርን መሪርን ውግእ ኣካየዳ። ክሳራታት ስለ ዘጋጠመን ከኣ ኣብ ኣተሓሕዛ ቦታታት ምትዕርራይ ክገብራ ተገደዳ። ቀዳማይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ኣብ ናቕፋ በዚ ኣብቅዐ።

ኣብ ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ጸላኢ መደቡ ብቐንዱ ናቕፋ ምቁጽጻር ነበረ። በዚ ድማ፡ ደርግ ኣብ ግንባር ሓልሓል መናውራ እንተዘይኮይኑ ሓያል ምንቅስቓስ ኣይገበረን። ኣብ ግንባር ናቕፋ ግን ናብ 10 ሕዳር 1985 ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ካብ ሰዓት 3:00 ጀሚሩ ብዘወንጨፎ ሮኬታት ቢ.ኤም. 21፡ ከቢድቲ መዳፍዕ፡ ታንክታትን ረሻሻትን ኣመና ጸዕቕን ዘቋርጽን ደብዳብ አናገበረ፡ ብማዕበላዊ መጥቃዕቲታት ዕርዲታት ህዝባዊ ሰራዊት ጥሒሱ ክሓልፍ ተንቀሳቐሰ። ደርግ ንክፍለጦራት 19ን 22ን ኣሰሊፉ ንዕርዲታት ግሎብን ዋንጫን ድሕሪ ምሓዙ፡ ንስትራተጂያዊ እምባ ደንደን ክቆጻጸር ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣካየደ። ደድሕሪኡ'ም ክፍለ-ጦራት ከኣ፡ በቲ ካብ መሉበሶ ስሒቡ ዘምጽኦ 18 ክፍለጦር ሓያልን ተደጋጋምን ናይ ጥሕሰ ፈተነታት ገበረ። በዚ ድማ፡ ካብ ታባ ሰለም ጀሚሩ፡ ንዕርዲታት ፈደል-ፒ፡ ሪገል፡ ግሎብ፡ ዋንጫ ክቆጻጸር ከኣለ። ይኹን'ምበር፡ ኣብዚ ጸዕቂ ሰራዊት ኣሰሊፉ ዝኣተዎ ጸቢብ ቦታ፡ ብሞርታራትን ነተጉትን ኣሃዱታት ከቢድ ብረት ከም ሕሰም ተጨፍጨፉ ልዕሊ ፍርቂ ዓቕሙ ተሃሽመ። እዚ ውግእ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣድ ብኣድ እናተሓናነቐ ንምእማኑ ዘጸገም ቀራጽነት ዘርኣየሉ ኣዝዩ መሪር ውግእ ነበረ። ኣብቲ ፈለማ፡ ምስ ጸላኢ ዝገጠማ ኣሃዱታት ክፍለሰራዊት 61 ክኾና እንከለዋ፡ ክፍለ-ሰራዊት 85 ብርጌድ 18 ክትረድእ ካብ ሰሜናዊ ሳሕል ምስ መጽኣት፡ ምስተን ኣብኡ ዝጸንሓ ሓይልታት ክፍለ-ሰራዊት 61ን መካናይዝድ ኣሃዱታትን ብምውህሃድ፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ተኻየዱ፡ ብኸቢድ ውግእ ጸላኢ ተቘጻጺርዎ ዝነበረ ዕርድታት ከምዝለቅ ተገይሩ፡ ኣብ ከባቢ ጸርግያ ዝነበረ ሓጺናዊ ዕርድታት ግንባር ናቕፋ ናብ ትሕቲ ቁጽጽር ህዝባዊ ሰራዊት ተመልሰ። ሰራዊት ደርግ ድሕሪ'ዚ ከቢድ ክሳራ ዝተሰከመሉ ጸንከር ውግእ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ጸግዲ ምንቅስቓስ'ኳ እንተ ዘይገደፈ፡ ዘስደምም ውግእ ግን ኣይተራእየን። ኣብ ቀዳማይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ፡ ሰራዊት ደርግ ብየግንባር ናቕፋ ብዙሕ ዘይተንቀሳቐሰሉ ምኽንያት፡ በቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ መሉበሶን ዝካየድ ዝነበረ ተረርቲ ናይ ጥሕሰ ፈተነታት፡ ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ናቕፋ ክስሓብን እቲ ግንባር ክስሉን ብዝብል እምነት ነበረ። ቀንዲ ኣተኩሮ ናይቲ ወራር ግን እቲ ኣብ ካልኣይ ገጽ ኣብ ናቕፋ ዝተኻየደ ከቢድን ወሳኒን ውግእ ነበረ።

ኣብ ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ስርዓት ደርግ፡ ልክዕ ከምቲ ናይ ቀዳማይ ገጽ ብኣልጌን ክጥሕስ ፈቲኑ ዳግማይ ናብ ቀብር-ወኣት ክበጽሕ ክኢሉ ነይሩ እዩ። ደሓር ግን ብጸረ-መጥቃዕቲ ተመሊሱ። ኣብ ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ እቲ ዝጸንከረ ኩነታት ምፍራስ ግንባር ሓልሓል፡ ዳግማይ ምምስራት ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፣ ከምኡ'ውን ሰራዊት ደርግ ብሩባ ኣልጌን ጥሒሱ ሳልሳይ ቀብር-ወኣት ዝበጽሓሉ ኣሸቓሊ ኩነታት እዩ ነይሩ። እቲ ብሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝካየድ መጥቃዕቲ ዕላማኡ ወጀባ ብምቁጽጻር ንናቕፋ ብድሕሪት ምእታው ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ከም ሕሰም ዝተጻህከሉ ፍጻመ እዩ። ኣብ ናቕፋ ጸላኢ ዋላ'ኳ እቲ ዝፈነዎ መጥቃዕቲ ሓያል እንተነበረን ንግዚኡ ገለ ዕርዲታት ክቆጻጸር እንተኽኣለን፡ ከቢድ ክሳራ ተሰኪሙ እምበር ክፈጥሮ ዝኽኣለ ለውጢ ኣይነበረን።

ይቕጽል



# ሰብ ፍሉይ ካርድ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብ ምጅማር ዛዕባ ከናት ብዘገንፍር ኣፈልጦ፡ ብስውእ መራሒ መስርዕ መሓሪ ገብረመስቀል እትምራሕ ጉጅለ ስለያ ክ/ሰ 52፡ ንፍሉይ ተልእኾ ከም እተመዘዘትን ፍሉይ ካርድ ከም እተዓደለትን፣ ተልእኾኣ ድማ፡ ከተማ ደቀምሓረ ድሕሪ ምትሓዛ ንቐድሚት ምቕጻል ገዲፉ ጸጥታዊ ኩነታት ናይታ ከተማ ምውሓስ ምዃኑ ከም ዝተሓበረ፣ ብኡ መሰረት ካብ ዕለት 19 ግንቦት ጀሚራ እናተዋግኣት ዕለት 21 ሰዓት ትሸዓተ ብኸባቢ ናይዚ ሕጂ ኣብ ደቀምሓረ ጋራጅ መንግስቲ ኮይኑ ዘርከበ ቦታ ሓሊፎም ኣርባዕተ ታንክታት ወገን ከም ዝሰገሩ፣ ፍስሃ (ጭሖብ) ዝተባህለ ተጋዳላይ ግን ናብቲ ናይ መርዓ ዳስ ኣትዩ ሰዉ፡ እንግጠሙ ሕንፍሽፍ ካልእን ገፋፈጡ ከም ዘርከቦም ሰብ ውዕሎ ተረኺቦምልና ነይሮም። ካልኣይ ክፋሉን ናይ መወዳእታን እንሆ፦

ድሕሪዚ ኣርባዕተ እተን ሰለስተ ታንክታትና ናብ ከተማ ገጸና ክንሰግም ጀመርና። እዘን ታንክታት'ዚኣተን ንክፍለ ሰራዊት 85 ደገፍ ክገብራ ካብ ጸለም ጸርግያ ንጋዕም ተዓጽፋ። ሓንቲ ዙ ረሸራሽ ናትና ግን ኣብ ከባቢ ጸርግያ ኮይና ደጋጊማ ትትኩስ ነበረት። ንሕና ከኣ ንዕኣ ሓሊፍና ናብቲ ከተማ ንምእታው ንቕድሚት ሰጎምና። ጸላኢ ከኣ ቦምባ ኣርፒጂ ተኩሱ፡ ናባና ዝቐንዐ ከኸውን ወይስ ናብታ ዙ ግን ርግጸኛታት ኣይነበርናን። ድሕሪዚ ኹሕኽና ጉዛእና ተጸጊዕና ምክትታል ገበርና።

መራሒ ጋንታና ወዳምቁር ድሕረና ጸኒሑ ምስ ኣርከበና፡ "ጽግዕ ጽግዕ በሉ! ሓደ ሰብ ቅጥራን ከይረግጽ!" ኢሉ የጠንቅቐና። ንሓጺር ግዜ ብዓቕሊ ተጸቢና። ግን ካብታ መስርዕ ኣርባዕተ ብጾትና፡ (ግርማይ ዘርኣምኣኤል፡ ኣይንኣለም ኣስመላሽ፡ ርእሶም ጋይም፡ ኒጋሽ) ብኣደዊኖም ጸርግያ ሰገሩ። ተኸተሊ እናቐጸለ ከሎ ጠረኖም ናብታ ናይ ውልቀ ቤት ትምህርቲ ኣተዉ።

ማዕረማዕረዚ፡ ሰውእ ክብሮም ሓጎስ (ወዲኣራ) ነተን ዘንበልብላ ዝነበራ ጥንደራታት ኢትዮጵያ ከውርደን ጀመረ። እቲ ተጋዳላይ ጋዜጠኛ ድማ ንክብሮም ክሰእሎ ጀመረ። "ድንመሊዩ፡ ጸቡቕ ኣይሰኣልኩኻን" እናበለ ደጋጊሙ ሰኣሎ።

እቶም ካብና ተፈሊዮም ኑታ ጸርግያ ሰንጢቖም ብምስጋር ኣብታ ቤት ትምህርቲ ዝኣተዉ ብጾትና፡ ሕጂ'ውን ኣብታ ቀጽሪ ነዊሕ ኣይጸንሑን። ኣብታ ውሽጣ ኮይኖም ምንቅስቓስ ጸላኢ ስለ ዝተዓዘቡ፡ ናብኡ ገጾም ንምቅራብ ካብታ ቤት ትምህርቲ ክወጽኡ ጀመሩ። እንተኾነ ብኣንጻሩ እቲ ኣብ ሃዳሙ ዝነበረ ጸላኢ'ውን ንዕኦም ጸቢቕ ገይሩ ዝኸሸፎም ይመስለና። በዚ መሰረት ጸላኢ፡ ክልተ ቦምባ መድፍዕ ብምትኳስ ኣብ ጥቓኦም ብጾትና ኣውደቐን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ርእሶም ጋይም (ወዲጋይም) ተወግአ። ብደሮና ስለ ዝተጎልበቡ ሓድሕዶም ኣብ ዘይረኣኣዩሉ ደረጃ በጽሑ።

ድሕሪዚ፡ መራሒ መስርዕ መሓሪ ገረመስቀል ዝርከቦ ኣብ ድሕሪት ኮይንና ክንከታተል ዝጸናሕና ዓባይ ጉጅለ፡ ንብጾትና ክንረድእ ሃንደበትን ብሓንሳብን ካብ ዘለዝብናሉ ቦታ ሓፍ በልና። ኑታ ጸርግያ ሰንጢቕናያ ክንሰግር ክንብል ሕጂ'ውን ክልተ ቦምባ መድፍዕ ዓለበና። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ጉጅልና ንቕዳመይቲ ጉጅለ ክትረድእ ክትብል ንበዕላ ግዳይ ኮነት።

ክብሮም ፍትዊ ቀድሚት፡ ኤፍሬም ወልደሰላሰ ድሕሪኡ ተመራሪሖም ይጎዩ ነበሩ። ንሳቶም፡ ኣብታ መውሓዚ ረሳሕ ማይ ጉድጓድ ዝበለት ቦታ ክበጽሑ ከለዉ እዩ እቲ ቦምባ ሓደጋ ዘውረደና። ክብሮም ኣብታ ብርኽ ዝበለት በጺሑ ናብታ ቅጥራን ክሰግር ምስ ቀረበ ክወድቕ ከሎ፡ ኤፍሬም ድማ ኣብታ ዕሙቕ ዝበለት ቦታ ወደቐ። ኤፍሬም ከም ዝተሃረመ ኣይተረድኦን። ካብቲ ክልተ ኢዱን ክልተ እግሩን ዝተቘርጸ ማንጁስ ክብሮም ፍትዊ ውሕጅ ደም ከም ሻሕ! ኢሉ ኣብቲ ኤፍሬም ዝወደቐሉ ቦታ በጽሐ። ክብሮም ግን ማዕረ ክንዳኡ ተሃሪሙ ከም ዘሎ ዝተረድኦ ይመስል ኣይነበረን። "ኣጆኹም ጥራይ!" እናበለ ሓፍ ክብል ይፍትን ነይሩ። ግን በየናይ መሓውር ክትንስእ፣ ይፍትን'ሞ ክንብል ኢሉ ኣብቲ መሬት ይተርፍ።

ድሕሪዚ፡ እቶም ንስክላ ዝይሓንና ብጾት ኩላትና ውጉኣትና ከድሕን ተጓየና። ብቑዳምነት ካብ ተወጋኢ መጥቃዕቲ ደብዳብ ንምኽዋልም ሰሊሒብና ኣብቲ ቢንቶ ኣእቲናዮም። ሓደ ብሓደ ንኸሳቶም እንተ ፈተሽናዮም፡ ብጹይ ተሰፋት፡ ኣብ ምልእ ኣካላቱ ምልክት ማህረምቲ ኣይረኸብናሉን፣ ግን ሂለዋት ኣይነበሮን። ንብጹይ ሃሽም ንእሽቶ ናይ ርእሲ ማህረምቲ ረኺብናሉ፣ ኤፍሬም ቃንዛ የስምዕ ስለ ዝነበረ ህይወት ከም ዘለዎ ኣረጋገጽና። መራሒ መስርዕ መሓሪ'ውን እግሩ ተቘሪጻ ተመልከትና።

ግርማይ ዘርኣምኣኤልን ወዲቖሽን ንውጉኣት መሓርን ኤፍሬምን ክሕግዙ ዝጀመሩ ብጾት እዮም። ግርማይ ንመሓሪ፡ ወዲቖሽ ድማ ንኤፍሬም ክሕክሙ ምስ ተንቀሳቐሱ፡ መሓሪ፡ "ተቓላጢፍኩም ንኤፍሬም ሓክሙዎ!" በሎ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ፡ "ኩበደይ!" እናበለ ክቓንዝ ንመሓሪ ኣስተብሃሉሉ።

"ኣብ ኩብደኻ'ሞ ዝረአ ማህረምቲ የብልካን መሓሪ" እንተበልዎ፡

"ናእ ኩበደይ!" በሎ። ድሪዚ ወዲቖሽ ንመሓሪ ግርማይ ከኣ ንኤፍሬም ንምሕካሞም ተቐያየሩ።

ወዲቖሽ፡ መሓሪ ለቢሱዎ ንዝነበረ ክዳን ቀዲዱ ብምውጻእ፡ ንኩብዱ ብሌድ (ላማ) ገይሩ ከፊቶ'ሞ ድሕሪዚ ውግእ መሓሪ ጉብረመስቀል ንእሽቶ ስለ ዝፈኸሶ ኣስተንፈሰ፡ ቃንዛ'ውን ዘለቐለ። እንተኾነ ካብ ቃንዛ ደዩ ተገላጊሉ ወላ ሓይሉ እናደኸመ ስለ ዝኸደ ሂለዋቱ የጥፍእ ነይሩ ኑቶም ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ብጾት ምርዳእ ኣበዮም።

ሰውኣትናን ውጉኣትናን ከልዕል ከለና፡ እቲ ጋዜጠኛ ክሰእለና ፈቲዑ ነይሩ። ገለ ካብ ብጾትና ብኣንጸርጸሮት፡ "ህይወት ይሓልፍ ኣሎ ንስኻ ድማ ምስኣል ተራእዩካ!" ምስ በልዎ ተሰኪፉ ምስኣል ደው ኣበለ። ሰውኣትናን ውጉኣትናን ኣልዒልና ንድሕሪት ክንምለስ ከለና፡ ኣብ ደቀምሓረ ጌና ጸዑቕ ተኹሲ ይኸይድ ነበረ። ክብሮም ፍትዊ ማንጁሱ፡ ኑቶም ጺድሮም ዝነበሩ ብጾት ብዘኮኣሎ ሓቦኡ ንምስማዕ "ድሓን'የ" ክብል ከም ዘይጸንሐ፡ ጸኒሑ ግን ከሉ እቲ ኩነታቱ ግዲ ተሰዊኑ ኣቓሪጹዎ "ንዓይ ሓንቲ ጥይት ምውፋይ ኣቢኹምኒ! በጃኹም ሓንቲ!" ኢሉ ክምሕጸን ጀመረ።

እቶም ብጾት፡ "ድሓን እኮ ኢኻ ዘለኻ ማንጁስ!" እናበሉ ከጸናንዕዎ ፈተኑ። እንተኾኑ ኑቲ ኣብ መሬት ዝውሓዘ ደሙ ብምዕዛብ ጥራይ፡ ክብሮም ደሙ ጸንቂቑ ከም ዝበረሰ ይርደኦም ነይሩ እዩ። ምናልባት ብዘቐልጠፈ ኣብ ሕክምና እንተ ኣብጺሖሞ ጥራይ እዩ ብሓገዘ ተወሳኺ ደም ህይወቱ ክትሰርር ጸቢብ ተኽእሎ ዝነበረ። ክብሮም ግን ዕድል ኣይሃቦምን። ተሰኪሞሞ እናተጓዕዙ ከለዉ፡ "ዓወት ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ!" ኢሉ ድሕሪ ምጭራሑ፡ ህይወቱ ሓለፈት። ምስቶም ቀዲሞም ዝተሰውኡ ከኣ ኣብ ሓደ ቦታ ቀበርናዮ።

ኣርባዕተ ሰውኣት ቀበርና ድሕሪ ምምላስና መራሒ መስርዕና መሓሪ ገብረመስቀል'ውን ተሰዊኡ ጸንሓና። ንዕኡ ከኣ ኣብ ሓደ ካንሸሎ በይኑ ቀበርናዮ። ተሰፋት ሰመረ፡ ሃሽም ማሕሙድ (ወዲናራ) ካሕሳይ ታደሰ፡ ክብሮም ፍትዊ፡ መሓሪ ገብረመስቀል ክስውኡና ከለዉ ኤፍሬም ወልደትንሳኤ፡ ፍስሃየን ማሕሙድን (ቢ-2) ከኣ መቑሰልቲ ዘጋጠሞም ኮኑ።

ፍስሃየ ማለት፡ እቲ ቅድሚ ሐደት ደቓይቕ ኣብታ ዳስ ኣትዩ ከብዱ ክሱብ ዝጥርንቕ በለዐ ዘርከበና እዩ። ኣብታ ደብዳብ ከኣ ክሱብ ናውቲ ከብዱ ጉዳም ዝወጽአ ተሃርመ'ሞ፡ እቲ ዝሰተዮ እንግጠዕን ካልእን ንጉዳም ተፈርሸሐ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኑቶም ክሕክሙን ክልዕሉዎን ዝቐረቡ ብጾት ሕማቕ ሽታ ዓብሎኾም።

ከምቲ ናይቶም ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ንዕዘዮም ዝነበርና የዋሃት መንእሰያትና ጊርና ሓጎስና ከይነንጸባርቕ ዘዓንዝና ሓደ ካብ ምኽንያታትና እምበኣር፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ መሪር መስዋእቲ ነበረ። ብመንጸርቲ ዝተጨበጠ ዓወት፡ ኣልዒቡካ ዝሰንዎቕ ደስታን ሓጎስን ከተንጸባርቕ መንታዊኳ እንተ ነበረ፡ እቲ ንንዝበት 91 ጋህዲ ንኽትከውን ዝተሓተትናዮ ዋጋ ቀሊል ስለ ዘይነበረ ግን ቀይዲና ዘዕበትኽ ፊንጠዝያ ከነንጸባርቕ ኣይበቓዕናን።

ተረኽቲ
ግርማይ ፍትዊ
ግርማይ ማሰለ
ግርማይ ዘርኢሚካኤል (በዛ)
ኤፍሬም ወልደትንሳኤ
ኣይንኣለም ኣስመላሽ



## ህዝባዊ ግንባር

ሕላገት መንነት ህዝባዊ መስመር ገድሊ መጋድልቱ
ኣብነት ሓድነት ማዕርነት መትከሉ ምስክር ጽንዓቱ
ሰረተ እምነት መርሓ ሓርነት ኣብ ምረት ተሪሩ
ካብ ዘይህልው ዘይነጽፍ ህላወ ሰሪቱ
ዓለም ዘሰደመመ ታሪኽ ቅያ ጅግንነቱ
ሂቡ ዘይረብረበ ንህዝቡ፡ ክህብ ዝኑብር ካብ'ታ ዝርካቡ
ወዲ ዓዲ ሸሩም፡ ፈንቅል ዓዲ ምሩግ፡ ዝሕሉ ንህዝቡ
ወግሐት ዘይብላ ለይቲ ንርእሳ ክትብል ትወግሕ ንሱ ንሪሙ።
ዘይጸዊ ገድሊ ዝሰገሮ ገደል እንከሎ ዓንዴል
ኣነ ዘይንታዩ ንሕና መንነቱ ሃገራዊ መትከል
ኣብ ሕብረት ዘትከለ ህዝቢ መሰረቱ
ንዕሪ ዘምዕሮ 'ሰናይ' እናበለ
ኣብ ገድሊ ተወሊዱ ናጽነት ዘግሃደ
መጻኢ'ዛ ደቂ ሰማእቲ ከጸብቕ ገድሉ ዘይበተኸ
ሰንሰለት ጅግንነት ኣውሪሱ ዘውሓሰ።
ጸኒዑ ዘጽንዕ ኣርሓ ብድሆታትት
ወዲ ገድሊ ጅግና መስገደል ዝሰንጥቕ
ሸጥ መዓንጣ ኣብ ጽንኩር እዋን መሊሱ ዝሓንን
ዕላማ መቐነቱ ወዲ ህዝቢ ተሰካሚ ሕድሪ
ነዛ ሪሙ ሰለም ዘየበለ ዘይዓጸፈ ብርኪ።
ጅግና ወዲ ጅግና መዋእል ኮይኑ ሃገረይ ምስ በለ
እዛ ወርቂ ዓዱ ክይትሸርመም ከይትቁርመም በረኻ ሰፊሩ
ጓሳ ሪሙ ዝሕልዋ ብደመ ርሃጹ
ኪዳን ዘይበተኸ ኣውራ መንነት ሃኒጹ
ህዝባዊ ግንባር ህዝባዊ መትከሉ
ሰሪቱ፡ ሃኒጹ፡ ኣውሪሱ፡ ኣውሒሱ
ሃገር ከም ሃገር ደምበኣ ከይድፈር ጸኒዑ መኪቱ።
ወናም በዓል ወኒ ፈጠራውነቱ ዝልለየሉ ባህሊ
ስንክሳር ጅግንነት መትከል መቐነቱ
ደብሪ ናይ ምጽማም መሰረቱ ዓቕሊ
ሓኤታ መስገል ጉይታ ጉይቶት ጸላእቱ
መምህር ገድሊ ኣብነት መስዋእቲ
ኣያ መስገደላት ቅያኻ ሓወልቲ።
ኣባጥመር ወዲ ህዝቢ ወዲ ሃገር
ኪዳን ገድሊ ሓድነት ምዕባለ ናጽነት ጽሩይ ወርቂ
ኮኾብ ምንባርና ናይ ሰማእቲ ሓድጊ
ጸሩ ዘየውረደ ክሳብ ለይቲ ሎሚ
ሓለውኡ ጽኑዕ ኣብ መኸተ ቃልሲ።
ጥሙይ ጽጉብ ነዛ ሪሙ ዕላማ ሓዲጹ
ዕሩቕ ክዱን ነዛ ጸዳል መጻኢ ዘማዕዱ
ኣብ ደሙ ዘቃልሕ ወኒ ሃገራውነቱ
ዘይክማህ ጽንዓቱ ሰውራዊ ደጀኑ
ንባሕሪ ዝሰንጥቕ ዝሓርሶ ንሰማይ
ብሰሚን ተራእዩ ኣብ ደቡብ ዝህሉ
ብምብራቕ ዝቕልቀል ምዕራብ እናቋመቱ።
ኣያ ህዝባውነት መዕቐቢኡ ዓቕሊ
ህዝባዊ ግንባር ዝሰርሐ ምበር ዘይምድር ገድሊ
እሙን ግንባር ንህዝቡ ኣብ ህዝቡ ዝበለ
ዘይንደል ስጡም ግንባር ንህዝበይ በሃሊ።

ጆሜ/ ደጀን ተኽለ

ሪፖርታዥ

# ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ህዝባዊት ረፑብሊክ ቻይና

ተዓገስ ፍረዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ ብዝገበረሉ ዕድመ ካብ 14-18 ግንቦት 2023 ኣብ ህዝባዊት ረፑብሊክ ቻይና ንሓሙሽተ መዓልታት ናይ ስራሕ ዑደት ከምዝፈጸመ ዝፍለጥ እዩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ሚኒስተር ልምዓትን ፋይናንስን ዶክተር ጊየርጊስ ተኽለሚካኤልን ሚኒስተር ንግድን ኢንዱስትሪን ኣቶ ነስረዲን መሓመድ ሳልሕን ተሰንዩ፡ ቀዳም 13 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕረቀትሪ እዩ ካብ ኣስመራ ተበጊሱ። ድሕሪ 12 ሰዓታት በረራ ድማ ብ14 ግንቦት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ርእሰ ከተማ ቻይና በይጂን በጺሑ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ብወተሃደራዊ ስልፊ ተሰንዮም ምክትል ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ቻይና ሱን ዌዶንግ ዝርከብዎም ሰበስልጣን ቻይናን፡ ኣምባሳደር ቻይና ኣብ ኤርትራን ከምኡ'ውን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ቻይና ኣቶ ጼጋይ ተስፋጽዮን፡ ኣባላት ኤምባሲ ኤርትራ ብኽብሪ ተቐቢሎሞ። ብቐንዲ ጎደናታት በይጂን ሓሊፉ ድማ፡ ናብ ዝተዳለወሉ መዕረፊ በጺሑ።

ሰኑይ 15 ግንቦት፡ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ ኪያንግ ኣብ ዓቢ ህዝባዊ ኣዳራሽ ቻይና (The Great Hall Of People) ቀዳማይ ርክቦም ኣካይዱ። ኣብቲ ርክብ ቀዳማይ ሚኒስተር ዴሳዊ ሰልፊ ህዝባዊት ረፑብሊክ ቻይና፡ ንልኡኽ ኤርትራ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ንመበል 30 ዓመት ወግዓዊ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን 'የካና' ኢሉ። ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ናብ ስትራተጂያዊ ዝምድና ተሰጊሩ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከበን ናብ ዝለዓለ ምትሕግጋዝ ይምዕበል ከምዝሎን ድማ ገሊጹ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብገዲኡ ዝተገበረሎም ምዉቕ ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋኑ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ካብ 1967 ዝጀመረን 60 ዓመታት ዘቑጸረን ምዃኑ ጠቒሱ፡ ቻይና ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ብምድጋፍ ንዘበረቶ ሞራላውን ንዋታዊን ኣበርክቶ ንዴሳዊ ሰልፊ ቻይና ልዑል ምስጋና ኣቕሪቡ። ቀጺሉ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ቻይና ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ዘርኣየቶ ደርማስ ስውጢን ምዕባለን ብምድናቕ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ኣፍሪቃ እጃማ ከተበርክት ጸዊዑ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ብወገኑ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ ዘሎ ናይ ዕብለላ ኩነት ንምልዋጥ ሓብራዊ ቃልሲ ከምዘድሊ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝለዋ ቀዋሚን ጽኑዕን መርገጺ 'ነኽብሮ ኢና' ኢሉ። ቁጠባዊ ዝምድና ኤርትራን ቻይናን ንቕድሚት ንምድፋእ፡ ቻይና ንልምዓት ጥሙም ባሕሪን ኢንዱስትሪን ጂኦሎጂያዊ መጽናዕቲ ክዐቢ ብዝለዓለ ክትደፍኣሉ ምዃና ገሊጹ። ቻይና ኣብ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ተሓዳሲ ጸዓት፡ ዲጂታዊ ኢኮኖሚ፡ ሰማያዊ ቁጠባ፡ ቀጠልያ ቁጠባ፡ ዕደና፡ ኣብ ጽላታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ሰፊሕ ወፍሪ ከተካይድ መደብ ከምዝለዋ ብምሕባር ከኣ፡ እቲ መደብ መቓን ግዜ ወጺኡሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ግብራዊ ስጉምቲ ክውሰድ ምዃኑ ኣፍሊጡ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብገዲኡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓለማዊ ብደሆታት ናይ'ዚ እዋን'ዚ ምዕራባውያን ዝኸተልዎ ዘለዉ ናይ ምድሪት ስትራተጂ ምዃኑ ብምንጻር፡ "ኣንጻር'ቲ ምዕባለ ሃገራት ንምድሪት ዝግበር ዘሎ ከበባ ብሓባር ደው ዘይንብለሉ ምኽንያት የለን" ኢሉ። ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ቻይና ዝግበር ናይ ምድሪት ሃቐነ ከምእትቃወሞ ድማ ኣፍሊጡ።

ድሕሪ'ዚ ርክብ'ዚ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብሰበስልጣን ቻይና ተሰንዩ ኣብ ሓወልቲ ጀጋኑ ኣደባባይ ቲያናንመን ሕቛፍ ዕንባብ ኣንበሩ።

ኣብ ሰዓታት ድሕረቀትሪ ወግዓዊ ስነስርዓት ኣቀባብላ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብጠንዴራታት ኤርትራን ቻይናን ኣብ ዝወቀበ ቀጽሪ ዓቢ ህዝባዊ ኣዳራሽ (The Great Hall Of People) ብኽቡብ ዝበለ ስነስርዓት ተኻይዱ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ብኽብሪ ተቐቢሉዎ። ክልቲኦም መራሕቲ፡ ብማርሽን ባንድ ተሰንዮም ንኣሰለፍቲ ሓለፍቲ ክልቲኣን ሃገራት ሰላምታ ድሕሪ ምቕራቦም፡ ሃገራዊ መዝሙር ክልቲኣን ሃገራት ተዘሚሩ፣ ንኽብሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ 21 ግዜ መድፍዕ ተተኲሱ። ወተሃደራዊ ሰልፊን ጥንዴራ ክልቲኣን ሃገራት እናንበልበሉ ዝዘምሩ ህጻናትን ከኣ ነቲ ኣቀባብላ ኣማዕሪጎሞ።

ብድሕሪ'ዚ ኣብ ህንጻ ዓቢ ኣዳራሽ ሰበስልጣን ክልቲኣን ሃገራት ዝተሳተፍዎ ርክብ ናይ ክልቲኦም መራሕቲ ተኻይዱ። ኣብቲ ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንዝተገበረሉ ምዑግ ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ "ቅድሚ 56 ዓመት ብ1967 ምስ ብጾተይ ንስልጠና ቻይና ኣብ ዝመጻእናሉ እዋን፣ ረሲ ባህላዊ ሰውራ ዝበረሉ፡ ቻይና ንመጀመርያ ግዜ ኣቶሚክ ቦምብ ዝፈተነትሉ'ዩ ነይሩ። ኣብ ከምቲ እዋን'ቲ ኣብ ቻይና ምንባረይ ዓቢ ታሪኻዊ ዕድል'ዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ናይ ንእሰነት ግዜ ዝተሓፍሰ ተመኩሮ፡ ኣብ ሂወተይን ሂወት ብጾተይን ዝበደፈ ጦብላሕታ ቀሊል ኣይነበረን" ኢሉ። ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ክቃለስ ቻይና ዝለገሶ ሞራላውን ንዋታውን ደገፍ ዘይርሰዕ ተባዕ ታሪኻዊ መርገጺ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ንዴሳዊ ሰልፊ ቻይና ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ቻይና ኣብ ዝሓለፈ ክልተ መድረኻት፡ እዋን ዝሒሉ ኩናት 1941-1991 ከምኡ'ውን ድሕሪኡ ኣብ ዝሰዓበ መድረኽ 1993-2023፡ ኣብ ውሽጢ 75 ዓመታት ኣብ ኣህጉራዊ ሰላምን ብልጽግናን ሰብኣውነትን ዘበርክቶ ኣበርክቶን ኣገዳስነቱ ዘሎ ባይታን መጺኡ ኣመታቱን ቀሊል ከምዘይኮነ ድማ ኣገንዚቡ።

"ቻይና ካብ ሓንቲ ዘይማዕበለት ሃገር፡ ኣብ ዓለም ብቑጠባ ቀዳማይ ደረጃ ሒዛ ክትወጽእ ዝኸኣለት ሃገር'ያ፣ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ከኣ፡ እዚ ቀዳማይ ደረጃ ቦታኣ ከተደልድሎ ምዃና ዘጠራጥር ሓቂ'ዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ "እዚ ሓቅን ክውንነትን ክቕበሉ ዘይክእሉ ሓይልታት ሃይመናን ጭፍለቓን፡ ናይ ድረታ ሕማሞምን ተጻበኣታተየምን ክቐጽልዎን ከዘይድዎን እኳ እንተኾነ፣ ምስናይ'ዚ ብደሆታት'ዚ ግን፡ ዘለናዮ መድረኽ ዓለምና ካብ ዕብለላ ሓያላን እናወጸት፡ ናብ ሰብኣዊ ፍትሕን ምኽባር ህዝብታትን ትሰጋገር ከምዘላ ዘበስር እዋን መቐይሮ'ዩ" ኢሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንኩነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ህንጸት ሃገር ኣብ መቓን ርሒብ ጎደቦ ኣእቲኻ ከምዝርአ ብምምልካት፡ እቲ ን50 ዓመታት ዝቐጸለ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ንናጽነት ብዘይካ'ቲ ዝተኸፍለ ሰብኣዊ መስዋእቲ፣ ኣብ ኤርትራ ተደኲኑ ዝበረ ብተዛማዲ ምዕቡል ትሕተ-ቅርጺ ብምዕናው፡ ናይ ልምዓት ዕድላት ኣኽሲሩ፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ከቢድ ብደሆ ፈጢሩ ምጃንሑ ገሊጹ። ኣብ 1991 ኤርትራ ናጽነት ድሕሪ ምጕንጻፉ፡ ሓይልታት ዕብለላ ልኡላውን ሓራን ሕርያታት ኤርትራ ስለዘይፈተውዎ፡ ፈጠራዊ ዶባዊ ግጭታት እናሳወሩን ብወከልቶም ቅሉዕ ወተሃደራዊ መጥቃዕትታት እናፈነዉን ዘይሕጋዊ እገዳ እናሰገደዱን ህውከት እናመሓደሩን ጸጋ ሰብ እናመጸዩን እናኣህወተቱን ዕረፍቲ ዘይህብ ፅንቅፋት ክፈጥሩ ምጃንሖም ኣብሪሁ። "ይኹን'ምበር ከምቲ ጥሙሕና እኳ እንተዘይኮነ ተጻበኣታት እናመከትና ከይተሰናፍና ምቕሊል ስርሓት ኣሳሊጥና ኢና" ክብል ድማ ገሊጹ። ምስ ህዝባዊት ረፑብሊክ ቻይና ዝጸንሐ ስትራተጅያዊ ሽርክነት ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ብምድያብ፡ ኣድማዒ ስውጢ ንምውሓስ ተኻዒፎም ዘለዉ ሓፈሻዊ ኣርእስትታት ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ዘርዚሩ፦

1.ኩሉ ዓይነታት ትሕተ ቅርጺ፡ ጽርግያታት መዓልቦ ነፈርቲ፡ መገዲ ባቡር፡ ኣባይቲ፣

2.ጸዓት (ረሰናዊ፣ ጂኦ ረሰናዊ፣ ተሓዳሰነ ሞዱላውን)

3.ልምዓት ጸጋታት ማይን ምዕባለ ዘመናዊ ኣገልግሎትን

4.ምኽዕባትን ምሕሳንን ሕርሻዊ ፍርያትን ሃብቲ እንስሳን

5.ልምዓት ጸጋታት ሃብቲ ዓሳ

6.ምዕቡል ምድራውን ባሕራውን ኣየራውን መጎዓዝያ ምስ ዘመናዊ መራኸቢታት

7.ጸጋ ሰብ ዘኽልብት ሰፋሕቲ ትምህርታዊ ፕሮግራማት ልምዓትን

8.ሓራን ብሉጽን ኣገልግሎት ዝህብ ጽላት ጥዕና

9.ንሰፋሕቲ ዕድላት ቱሪዝም ጥጡሕ ባይታ ምውዳድ

10. ኣብ ዕደና ዘሎ ደርማስ ክህሎት ምምዕባልን ዘላቒ መመወሊ ኣታዊታት ምኽዕባትን

11. ንቐረባ፡ ማእከላይን ርሑቕን ግዜ ውሕስነት ዘረጋግጽ ኣብ ረሚሲ ዕዳ ዘጆእቱ ፈሲካላዊ ጽላትን ስሉጥ ባንካዊ ኣገልግሎትን

12.ናብ ዓይነታውን ዓቐናውን ዕብየት ሰደድ ዝቐንዐ ወዱን ሃልክታት ዘረጋግጽ ንግዳዊ ንጥፈት

13.ዲናሞ ልምዓት ዝኸውን ናብ ኢንዱስትሪያውነት ዘሰጋግር መሰንዓትን መመስርሒ ፋብሪካታትን

14. ኣዝዩ ገፊሕን ዝተሓላለኸን ድሕነታውን ናይ ምክልኻል ግድነትን ምስ ከቢድ ባጀቱ ምውሓሱ፡

ናይዞም ወጥናት እዚኣቶም፡ ቀዳምነታትን ባጀታዊ ኣመዳዩን ንምንጻር ክሰርሓሉ ምጃንሑ ዝገለጸ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ባዕላዊ መደባት ኣብ መቓን ስትራተጂያዊ ኣህጉራዊ ሽርክነት ንምሓዙን ምምሕዳሩን ምእንቲ ክኸኣል ሰፊሕ ምይይጥን ምውህሃድን ከምዘድሊ፡ በዚ ድማ ዝምልከቶም ኣካላት ጸሚደም፡ ኣድማዒ ኣበርክቶ ክገብሩ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ መምርሒ ክህብ ተማሕጺኑ።

ናብ 7ይ ገጽ ይቕጽል






ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

# . . . ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ህዝባዊት ሪፑብሊክ ቻይና

ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ብወገኑ፡ ኤርትራ ናጻ ሕርያን ፖሊሲን ዘለዋ ኣገዳሲት ሃገር ከምዝኾነት፡ ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ክልቲአን ሃገራት ተመሳሳሊ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ዜጋታት ቻይና ካብ ሱዳን ንኽወጹ ንዘኽበረቶ ሓገዝ ኣመስጊኑ። ኤርትራ ብዞዕባ ቻይና ዘለዋ ዓሚቝ መረዳእታ ብምምስጋን ከኣ፡ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ናብ ዝለዓለ ጽፍሒ ይድይብ ከምዝለ፡ ምስቲ ኤርትራ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ፡ ቻይና ኣብ ኤርትራ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ወፍሪ ንኽካየድ ከተተባብዕ ምኳና ገለጸ። ቀጺሉ ቻይና ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይን ጸጥታን ሃገራት ኣፍሪቃ ምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይልታት ከምኡ'ውን በይናዊ እገዳ ከምዘይትድግፍ ብምግላጽ፡ ቻይና ኣብ ምምዕባል ትሕተ-ቕርጺ፡ መራኽቢታት፡ ሕርሻ፡ ዕደና፡ ሃብቲ ዓሳ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ማህደረ ትምህርትን ክኢላታታ እናሰደደት ምስ ኤርትራ ንምትሕግጋዝን ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ንምኽያድን ዘለዋ ቅሩብነት ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣረጋጊጹሉ። እዚ ስትራተጂያዊ ዝምድናʼዚ ብጽፈት ንምውህሃዱ ዘኽእል ኣልያ ከምዝድሊ ድማ ኣስሚሩሉ። ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ብተወሳኺ ኣብ ወተሃደራዊን ጸጥታውን ጉዳያት ምትሕግጋዝ ሃገራት ደብሳዊ ዓለም ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኖም፡ ሃገራት ምዕራብ ቻይና ናይ ምድራት ፖሊሲኦን ከምዘፈሸለ፡ ቻይና ዘለዋ ሃብትን ጸጋታትን ብምዕሩይ ዝርግሐ ከተማዕብሎ ብምኽኣላ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ምዕባለ ዓቢ ለውጢ ከምዘምጽኣት ብምግላጽ፡ ኣፍሪቃ ድሕሪት ትተርፈሉ ዘላ ምኽንያት ብቐንዱ እቲ ካብ ከርሳ ዝወጽእ ሃብቲ ኣብ ክንዲ ተመስሪሑ ውዱእ ኣቕሓ ኮይኑ ዝሸይጥ፡ ብጥሪኡ ንሰደድ ይቐንዕ ምህላዉ ምዃኑ ጸቒጡ ኣስሚሩሉ። ብድሕሪʼዚ ምርድዳእ ዝዓሰሎ ዓሚቝ ዘተ፡ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ንኽቡሪ ፕረዚደንት ኢሳይያሳን ልኡኽ ኤርትራን ናይ ድርራ እንግዶት ገይሩ።

ልኡኽ ኤርትራ ብ16 ግንቦት ቅድሚ ቐትሪ ካብ ከተማ በይጂን ወጽእ ኢሉ ንዘርኩብ ቤተ መዘክር ብምብጻሕ ንባህሊ፣ ስነ ህንጻን እምነትን ጥንታዊት ቻይና ዘንጸባርቕ ቅርሲታት ተዓዚቡ። ንጽባሒቱ 17 ግንቦት ቅድሚ ቐትሪ ድማ፡ ካብ ከተማ በይጂን ናብ ኣውራጃ ሲሹሃዋን ከተማ ቸንዱ ተጓዒዙ። ልኡኽ ኤርትራ መዓልቦ ነፈርቲ ቸንዱ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ምክትል ኣመሓዳሪʼታ ከተማ ዝርከብዎም ሰበስልጣን ቻይና ተቐቢሎሞ። ኣብ



ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናይቲ ዕለትʼቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ዋና ጸሓፊ ዴሳዊ ሰልፊ ኣውራጃ ሲሹሃዋን፡ ዋንግ ሺያሁይ ከምኡʼውን ኣመሓዳሪ ናይታ ኣውራጃ ሁዋን ኪያንግ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ወፍርን ዘተ ኣካዪዶም። ኣብቲ ርኽብ ሚስተር ዋንግ ሺያሁይ ብስም ዴሳዊ ሰልፊ ኣውራጃ ሲሹሃዋን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ እንቋዕ ደሓን መጻእካ ድሕሪ ምባል "ንስኻ ገዲም ዓርኪ ቻይና ኢኻ፣ ሎሚ ኣብ ቻይና መጺእካ ምስ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ዓሚቝ ዘተ ምኽያድካ ድማ ንዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዘኽልብትʼዩ። ኣብ ጉዳይ ታይዋን፡ ሆንግ ኮንግ፡ ደገፍካ ምግላጽካ የቐንየልና። ኣብ ሱዳን ዝጸንሑ ዜጋታትና ብመንገዲ ኤርትራ ብሰላም ምውጽኦም ነመስግን።" ኢሉ።

ሲሹሃዋን 94 ሚልዮን ነበርቲ ዘለዉዋ ብዙሕ ባህርያዊ ሃብትን ዓበይቲ እንዱስትሪታትን እትውንን ኣውራጃ ምዃና ብምግላጽ ድማ፡ "ናብ ኣውራጃና ክትበጽሕ ምምራጽካ ንመጻኢ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዘበርኽʼዩ፣ ምስ ፕረዚደንት ሺ ኣብ ዝገበርክዎ ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዓት ኣውራጃና ተኻፋሊት ክትከውን ድልየትናʼዩ። ደገፍ ኣውራጃና ኣይክፍለየካንʼዩ። ብፍላይ ሲሹሃዋን ኣብ ህንጻት ትሕተ-ቕርጺ፡ ሕርሻ፡ ቱሪዝም ክትተሓጋገዝ ድልውቲ እያ" ብምባል ኣብ ልምዓታዊ ምትሕግጋዝ፣ ኣውራጃ ሲሹሃዋን ማእከል ኮይና ክትሰርሕ ትጽቢቱ ምዃኑ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኖም፡ 14 ልምዓታዊ ቀዳምነታት ኤርትራ ብምዝርዛር፡ ንፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ትግባረኦም ክከታተል ከምእተላበዎ ገሊጾም። "ወፍርታትኩም ጽባሕ ዘይኮነ ሎሚ ክትጅምሩ ኣለኩም" ድማ ኢሎም። ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ኣብ ውሽጢ 5-10 ዓመታት ዝፎብጥ ገስጋስ ከርኢ ዘለዎ ተስፋ ብምግላጽ ከኣ፡ ክኢላታት ቻይና፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መደባትን ተኽእሎታትን ወፍርን ብኣካል መጺኦም ክርእዩ ዕድመ ኣቕሪቦም።

ብድሕሪʼዚ ርክብʼዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ብ18 ግንቦት ናብ ኣገደስቲ ቦታታት ልምዓትን ትካላትን ኣውራጃ ሲሹሃዋን በጺሑ። ኣብ ቸንዱ ፈንከ ባዮቴክኖሎጂ ዝተባህለ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ህንጻ፡ ኣብ ምፍራይ፡ ምምስራሕ፡ ምዕሻግን ምዝርጋሕን ቃንጥሻ ዝጥፍ ሕርሻዊ ትካል ብምብጻሕ ከኣ፡ ንቴክኖሎጂያዊ ኣሰራርሓን ኣፍራይነትን እቲ ትካል ተዓዚቡ። እዚ ኣብ 2018 ዝተመስረተ ትካል ሕርሻ ቃንጥሻ፡ ፍርያቱ ንውሽጢ ሃገርን ሰደድን ዝዓለመ ኮይኑ፡ ኣብ ዓመት 35 ሽሕ ቶን ቃንጥሻ የፍርን የመስርሕን፣ ፍርያቱ ናብ 57 ሃገራት ንሰደድ ይልእኽ።

ድሕሪʼዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብ1958 ስርሑ ንዝጀመረ ኣብ ዓለምና ዝማዕበለ መሳርሒታት ጸዓት ዘፍሪ ዶንግፋን ኤለትሪክ ኮርፖረሽን ዝተባህለ ትካል በጺሑ። ብሓለፍትን ሰራሕተኛታትን እቲ ትካል ድማ፡ ድሙቕ ኣቀባብላ ተገይሩሉ። ዶንግፋን ኣብ ምፍራይ ንፋሳዊ፡ ጸሓያዊ፡ ማያዊ ጸዓት፡ ተተካኢ ጸዓትን ምዕቃብ ክብቢን ዝጥፍ ትካልʼዩ። ኣቦ መንበር ናይʼቲ ትካል ሚስተር ዩፔንግ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእካ ቃል ድሕሪ ምስምዑ፡ ትካሎም ንልዕሊ 80 ሃገራት ኣገልግሎት ከምዝሁበን ኣብ ኤርትራ ወፍሪ ክገብር ዘለዎ ድልውነትን ገሊጹ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኖም፡ በጺሖም ዘለዉ ምዕባለ ብምድናቕ፡ "ብዘይ ኣቕርቦት ጸዓት ምዕባለ ስለዘየለ፣ ትካልኩም ኣብ መደባት ልምዓት ኤርትራ ክሳተፍ ዓብና ርሕውʼዩ" ኢሎም።

ልኡኽ ኤርትራ ቀጺሉ ዝበጽሖ ቦታ፡ ኣካል ዓለማዊ ባህላዊ ውርሻን ሃገራዊ መስሕብን ዝኾነ ፕሮጀክት መስኖ ዱጂያንግያን እዩ። እዚ ኣብ 256 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተሃንጸ መእለዩ ውሕጅ፡ ዝለዓለ ጽባቐ ተፈጥሮ፡ ልዑል ክእለት ምህንድስናን ምዕቃብ ማይን ዝርኣየሉ ቦታ ኮይኑ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ቀንዲ መስሕብ በጻሕቲ ሓደ እዩ። ካብኡ ቀጺሉ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መጽናዕታዊ ማእከልን ዕቃብ እንስሳን ዱጂያንግያን ብምብጻሕ ኣብ ዕቃብ ተፈጥሮን ክንክን ፓንዳ ዝተባህለ ዓሌት እንስሳን ንዝካየድ ንጥፈት ተዓዚቡን መብርሂ ተዋሂብዎን።


ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ፡ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ትካል ወፍሪ ሹዳዎ (shudao investment group) በጺሑ። እዚ ትካልʼዚ ኣብ ህንጻት ዘመናዊ ቢንቶታት፡ ጽርግያታት፡ መገዲ ባቡርን ዕደናን ልዑል ተሞኩሮ ዘለዎ፡ 250 ዓለምለኻዊ ፕሮጀክትታት ኣብ ምትግባር ዝርከቡ፡ ኣብ ኤርትራʼውን ኣብ ፕሮጀክት ኮሉሊ ክሰርሕ ተበጊሱ ዘሎ ትካልʼዩ። ኣቦ መንበር ናይቲ ትካል ሚስተር ታንግ ዮንግ ንፕረዚደንትን መጋየሽቱን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል ድሕሪ ምስምዑ፣ "ብሓገዝ መንግስትኹም ኣብዚ ዓመትʼዚ ኣብ ኮሉሊ ዓቢ ፕሮጀክት ነቦግስ ኣለና፣ እዚ ናይ ዕደና ፕሮጀክትʼዚ፡ ዛጊት እቲ ዝዓበየ ወፍሪ ቻይናን ኤርትራንʼዩ" ኢሉ። ፕሮጀክት ኮሉሊ ዝምድና ክልቲአን ሃገራት ዝያዳ ዘዕምቑ ብምዃኑ ድማ ሹዳዎ ንብልጽቲ መጻኢት ኤርትራ ክሰርሕ ምሉእ ዓቕምን ምትእምማንን ከምዘለዎ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኖም ዝተገበረሎም ምውዒ ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋን፡ ፕሮጀክት ኮሉሊ ኣብ ዕደና ጥራይ ከይተወሰነ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዘሎ ጸጋታት፡ ብኣድማዕነት ንምምዝማዝ ዘኽእል ህንጻት መንገዲ ባቡር፡ መዓልቦ ነፈርቲ፡ ጽርግያታት፡ ወደባት፡ መጉዓዝያ ባሕሪ፡ ቀረብ ጸዓት ዘጠቓልል ኮይኑ ክትሓዝ ከምዘለዎ፣ እቲ ፕሮጀክት ምስ ካልኦት ዘቤታዊ መደባት ልምዓት ዘደጋገፍን ተወሃሂዱ ዝሸይድን ክኸውን ከምዝጥበኽ፣ ካብ ቦታ ዕደና ኮሉሊ 200 ኪ.ሜ. ተጓዒዝካ ብወደብ ባጽዕ ምግልጋል ካብ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ተራእዩ ክሕሱብ ከምዘይብሉ፡ ኣብ ክንድኡ ካብ ኮሉሊ ንማርሳ-ፋጥማ 90 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ መገዲ ባቡር ብቐልጡፍ ክህነጽ ከምዘለዎ፣ ዝህነጽ ወደባትን ጽርግያታትን ንግዝያዊ ኣገልግሎት ዘይኮነ ዓለምለኻዊ ደረጃኡ ዝሓለወ ን80-100 ዓመታት ዘገልግል ክኸውን ከምዝጥበኽ፡ እቲ ስራሕ ብዘይወዓል ሕደር ብቕልጡፍ ክጅመር ጸቒጡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ማርሳ-ፋጥማ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ተጀማሚሩ ዘሎ ህንጻት ጽርግያ፡ ወደብን መንገዲ ባቡርን ቀልጢፉም መጺኦም ክርእዩዎ እውን ዓዲሞም። "ዕላማና ጥረ-ነገራት ከምዝለዎ ንሰደድ ምልኣኽ ኣይኮነን" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እቲ ትካል ኣብ ቦታ ዕደና መመስርሒ ዝኸውን ፋብሪካ ክሃንጽ ከምዘለዎ ጸቒጡ ኣተሓሳሲቦም። ትካል shudao ብወገኑ ንኹሉ ድሉው ምህላዉን ኣብ ሓጺር እዋን ስርሑ ክጅምር ምዃኑን ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ካብ 14-19 ግንቦት 2023 ኣብ ህዝባዊት ሪፑብሊክ ቻይና ዘካየዶ ወግዓዊ ምብጻሕ ፈጺሙ፡ ዓርቢ 19 ግንቦት ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቐትሪ ናብ ኣስመራ ተመሊሱ።









# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ዞዕባ ኲዒ — ሓመዳን ንፋሳን

ነዊሕ ይገብር፡ ኣብ`ቲ ብሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ዝተመደበ ናይ ምጽሓፍ ዝምባለ ንዘለዎም መንእሰያት ዝተዋህበ ናይ 3 ኣዋርሕ ስልጠና ስነ-ጽሑፍ ተሳቲፈ ነይረ። ኣብቲ ዝነበረ ስልጠና ጎኒ ጎኒ ዝቐሰምናዮ ፍልጠት፡ ግብራዊ ስራሕ ምቕራብ ኣካል ናይ'ቲ ስልጠና እዩ ኔሩ።

ኣብ ዕለታት መምህርና ሓደ ዕዮ ገዛ ሂቡና። እቲ ኣርእስቲ ዕምቆቱን ርዝነቱን ንዘቕለበ ቀሊል ኣይነበረን። "ሓመዳን ንፋሳን" ብዝብል ቴማ ጥበባዊ ጽሑፍ ኣቕርቡ ዝብል እዩ። እቲ ሓሳብ ንኹልና ተመሃሮ ግር ዘበለ እዩ። እንታይ ማለት'ዩኸ ሓመዳን ንፋሳን፧ ናይ መን፧ እንታይ ኢልና ክንጽሕፍ ወዘተ. ዝብሉ ሕቶታት ክውሕዙ ግድን ኮይኑ። መምህርና ክይሰልከየ ብሓመድን ንፋስን ናይ ኤርትራ ክንጽሕፍ ከም ዝደለየ ኣነጺሩ ነገረና። ክይነብላሹ እናተሰከፍና ድማ ብሕፍንቲ ዝዕቀን ብሉጽ ፍርያት ኣቕረብና።

መንቀሊ ጽሑፈይ እምበኣር፡ ኑቲ ሽዑ ዝኸበድና ሕቶ ዝምልስ ኣጋጣሚ ስለ ዝረኸብኩ`የ። ብምኽንያት 32 ዓመት ጽምብል ናጽነትና "ህያብ ናጽነት" ብምባል ንኹለን ዞባታትና ዝሰንጥቐ፡ ደም ሰውእ ኣብ ዘተርከሶ፡ ዓጽሚ ሰውእ ኣብ ዝተኸስከሶ ንፋስ ናጽነት ጥራሕ ዝነፍሶ መሬት፡ ሓመድ ክውሰድ ምኽኑ ሓበሬታ ሰሚዐ። ክሓስብን ክስተንትንን ኪንኡ ዝኸይድ ብርዐይ ከልዕል ከኣ ተቐሲበ። እታ ብኻርታ ኤርትራ ተሰንያ ሓመዳን ንፋሳን ስም ተሳኢልዋ ዝለበስክዋ ማልያ ናይ ጉጅለይ ብስምዒት እየ ተመልኪተያ፡ ፡ ኑቲ ብሓመዳን ንፋሳን ዝሰራሕናዮ ስርሓት ክዝክሮ ፈቲነ፡ ቁንጣሮ ኳቡቲ ኩሉ ጸጋ እዩ። ብሓመድን ንፋስን ኤርትራ ክትጽሕፍ፡ ዲጋታት ቀለም እንተ ዝእከበ'ውን ኣምበይምኣኸለን። "ኣበይ እዩ እቲ ፍሉይነት፡ ንምንታይ'ከ ሓመድ ከም ህያብ ተቈጺሩ ንቕንያት ናጽነት ዘድምቕ ዘሎ፧ መልሲ ክናድየሎም ፈቲነ።

ኩለን ሃገራት ነናተን ናይ ኣመጻጽኣ ታሪኽ ኣለወን። ኤርትራ ድማ ከም ኩለን ኣፍሪቃውያን ሃገራት መግዛእታዊ ደባት ቀድሚ ምሕንጻጹ ኣትሒዙ፡ ብስትራተጂያዊ ኣቀማምጥኣ ንጭኮና መግዛእቲ ስርዓታት ግርም ጌሩ ኣስተማቒሩቶ እዩ። ታሪኽ ኣይሕሱን እዩ። ንብሓሶት ታሪኽ ዝሰንዐ ምሕላው ድማ ከቢድ ቃልሲ ይሓትት። ምኽንያቱ ታሪኽ ዋጋ ዝጠልቦ ክልተ ነገር ኣለዎ፡ ክትሕልዎ ሂወት፡ ክትሰንዶ ኩተሕልፎን ድማ ሓቅነት። ፍሉይነት ሓመድን ንፋስን ኤረይ ድማ እቲ ምስጢሩ ሕቡእ ኣይኮነን። ኣብቲ ዝተኻየደ መሪር ቃልሲ ብዘይካ እቲ ንመሬትካ ናይ ምምላስ ቃልሲ፡ ታሪኽካ ናብ ኩብሑ ምምላስ ዝኸበደ ቃልሲ ተኻይዱ እዩ።

ደራሲ ኣለምሰገድ ተስፋይ ኣብታ "ኣይንፈላለ" ዝርእስታ መጽሓፉ ጠቒስዎ ከም ዘሎ፡ ኤርትራውያን ቃልስና ናይ ታሪኽ ቃልሲ ምኻኑ እዩ ዘነጽር። እሞ`ኸ ደኣ ሓመድ እቲ ዘለዎ እናሃበ መሬቱ ዝምለሰ ህዝቢ ዘይተዘከረ ደኣ መን ክዝከር፡ ንፋስ`ቲ ምስ ደቓይቕ እናተቐዳደመ ማዕገ ትንፋሳት ኣኻኺቡ ትንፋስ ሓፋሽ መሊሱ ንፋስ ሰላም ዘንፈሰ ዘይተዘከረን ዘይከበረን ደኣ ንመን ዝኸውን ጥቡብ ክጽው።

ህያብ ስዉኣትና ናጽነት ዘሰነያ ቅድስቲ መሬት ተረኪብና ኢና። ሓርነታ ዝሓርሓሮም ደለይቲ ጽልኢ 32 ዓመታት ሰለም ከም ዘየበሉ፡ እቲ ክትግብርዎ ዝሀቀኑ ዘለዉ ናይ ቀትሪ ሕልሞም ህያው ምስክር እዩ። ከምዚ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኣሰንይዎ ዝዘከር ዘሎ ጽምብል ናጽነትና ድማ ስጡም መስርዑ ዘየዝለቐ ቅያ ዝፍጽም ጅግና ኣብ ሓመዳ ከም ዘፍረየት ዝመስከረሉ፡ ሓመድኩም ብጓና ከይተደፍረ ከምታ ሽግ ዓወትኩም መታን ክብሩ ክደምቅ ንዘምረሉ ኣለና፡ እናተባህለ ክዝረብ ክትሰምዕ፡ ብመንነትካ ዝያዳ ካልእ እዋን ትሕበን ኢኻ።

እዚ ሎሚ ንኹብረ'ቶም ብኹብሪ ኣብ ዝወደቑ ሰማእታት ዝለዓል ዘሎ ሓመድ ትርጉም ኣቕሊሉም ዝርእዩ ኣበይ ከይሰኣኑ። እንተ`ኾነ ንስለ ሓመድ እዩ ዋጋ ተኸፊሉ። ፍሉይነት ኤርትራዊ መንነት ድማ ኣብዚ ሓመድ እዚ እዩ ዝጅምር። ከም ዝሰዋእ እናፈለጡ፡ ብሓመድ ዓዱ ጥራይ ክቕበር ዝብህግ ዜጋ እዩ ዘለዋ። ሓመዳን ንፋሳን ዝብል ስም ጉጅለ ኣብ ምኻን ክንቅይራ ኣብ ዝተዘረረብናሉ ህሞት፡ ሓደ ኣብ ኣባላት ዝተዛረባ ኣዚያ ትምስጠኒ ምልእቲ ሓሳብ ኣላ። `ሓመዳን ንፋሳን ኬፍ ዘለዋ ስም እያ ፍልይቲ ድማ። ንሕና ኤርትራውያን እኮ ኩሉ ነገርና ፍሉያት ኢና። እስከ መን ኣሎ ከማና ጌሩ ንዓዱ ዘቀባጥረላ። ንኤርትራ እኮ ኤሩ፡ ኤረይ፡ ኤሪና፡ እናበልና ኢና ነሐንቅቓ። ሓመድን ንፋስን ናይ'ዛ መሬት ከኣ ተራ ኣይኮነን፤ ብእኡ ምስማይና ከኹርዓና ኣለዎ` ክብል'ዩ መሊሱልና።

``እንተ ደሊኺ ግፍሒ ኣዒንትኺ ጥራይ ይኽኣሎ እምበር፡ ሰፍሓቱ ዘይውድእ ሓመድ ታሪኽ ዝጸረ ዛንታ ኣሎኪ፡ ክትሰምዒ እንተ ደሊኺ'ውን ንፋስ ሓቂ ደኣ ከይኩብደኪ እምበር፡ ኣብ ኣየራ ኣሎ`` ዝብል ድምጺ ውሽጠይ ከኣ ነዓይ ይድህየኒ ኣሎ። እዛ ብኣቃውምኣ ዝኣሰት ብጸጋታታ ግን ዝገፍሐት ኣብ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ትርከብ ኤርትራ ትብሃል ሃገር፡ ኣብ ኩልንትንኣ እዩ ታሪኽ ዘሎ። ዝጣን'ቲ በሪኽ ኣኽራናታ ብደለይቲ እከይ ዝተነስነሱ ቦምባታት ሓድሕዶም እናተፈናጨሉ፡ ኑቲ ከም ለመምታ ኣብ ውሽጡ ዝሰፈረ ጅግና የሕሊፎም ክይሃቡ ንምስክርነት ደው ኢሎም ይርከቡ ኣለዉ። ሓመድ እዛ ቅድስቲ ሰፍራ ዓጽምን ደምን እቲ ገለን ብጥይት፡ ገለን ብሳንጃ፡ ገለን ብሕነ ገለን ብላኼማ ምስጢሩ ዓቂቡ፡ መትከሉ ኣጽኒዑ ዝሓለፈ ሓላል ህዝቢ ሓቝፉ ኣሎ።

ህድኣት ንፋሱ ድማ ኣብዚ ይፍልም ዝወሰደ ወሲዱ ጸጥ ዝበለ ኩናት፡ ጠሊ ሰማእታት ኣሰንዩ ብንፋስ ሰላም ተተኪኡ። ደም ሰማእቲ ዘጠጠዮም ዝመሰሉ ኣግራብ'ውን እንተ ኾኑ ብዳርባ ቦንባታትን መዳፍዕን ዝረገፈ ኣቝጽልቶም ወጅሁ ተመሊሱ፡ ብህድኣት ኔው ነጀው ክብሉ ክትሪኦም ከለኻ፡ ንዝተኸፍለ ዋጋ እናሓሰብካ ለካ ሰብ ጥራይ ኣይኮነን ሰላም ዝደሊ ኣብ ምባል የብጽሓካ።

ሓመድ ይኹን ንፋስ ኹሉ ማዕረ ትዕድልቲ ፈጣሪ እዩ። እቲ ፍሉይነቱ ግን ዝኸፈሎ ዋጋን ክብሩን`ዩ መለክዒ ሚዛኑ። ህዝብታት ንኹብሮም እዮም ዝኹብሩ። ኣብቲ ዝተፈጥርሉ ሓመድ ናብኡ ክሳብ ዝምለሱ ድማ ንስለኡ ይዋደቑ፡ ይትረፍ ሃገር ምሉእ ቁንጣሮ ሓመዱ እኳ ክንካእ ኣየፍቅዱን እዮም። ንፋሳት ዓለም ከከም ኣቀማምጣኦም በርባዕተ ማእዝን ምንፋሶም ዘይተርፍ ትዕድልቲ እዩ። እንተ ኾነ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ዝበዝሓ ሃገራት ብሰንኪ ሓያላን ንፋሶም ተበኪሉ ኣህዛቦም ሽታ ባሩድ ከም ንቡር ኣክስጅን ክስተማቕርዎ ልሙድ ትርኢት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ዕድል እዚ ውን ምስ ኩሉ ሕማቕ ወረሑን ግፍዕታቱን ኣባና ኤርትራውያን ነፊሱ ኔሩ እዩ። ሳላ'ቲ ዘይከማህ ተባዕ ውፉይ ህዝቢ ግን፡ ንቡር ንፋሱ ኣምሊሱ መጻኢ ወለዱኡ ኣውሒሱን የውሕስን ኣሎ፡ ፡ እምበኣርከስ እቲ ፍልልይ ኣብዚ እዩ ዘሎ። ኣብ ሓመዱ ዝኑበር ኣብ ሓመዱ ዝድረር፡ ሓመዱ ተተርኢሱ ዝቕበር ህዝቢ ሳላ ዝረኸበት፡ ተኸቢራን ተሓፊራን ትነብር ኣላ።

እሞ ደኣ እዚ ቁንጣሮ ሓመድ ኣብ`ቲ ረዚን መሬት ኣልዒልካ፡ ንኹብሪ`ቶም ሓያል እሳት ኣብ ዘባኖም ኣጽሒዮም ዝተብጀዉ ክብርቲ ናጽነት ዘወፈዩን ጆግኑ ተባሂሉ ዝቐለ ሓሳብ`ሲ ከመይ ዝድነቐን ዝምጎስን እዩ። ኣመጻጽኣኻ ምፍላጥ ኣብ ምውናን መንነት ንላዕሊ ይብልጽ። ከምቲ ኢ.ኤች.ካር ዝተባህለ ናይ ታሪኽ ሊቕ ዝበሎ፡ ``ሓደ ዘመናዊ ሰብ ናብ ዝመንጨወሉ ወጋሕታ ተመሊሱ ዝመራመረሉ ምኽንያት፡ እቲ ደብዛዘ ጩራታት ናይ ዝሓለፈ ኑቲ ሃሳስ መጻኢኡ እንተ በርሃሉ ብምትስፋው እዩ`` ይብል። ንሕና ኤርትራውያን ድማ ክንዲ ዝተመለስና ንድሕሪት ንመለስ፡ ሓመዱ ዝመልስ እምበር ሓመዱ ክትዝመት ሰቕ ኢሉ ዝዕዘብ ኣይተፈጥረናን። እንሆ ድማ ሰብ ስጡም መስርዕ ዝፈጸምዎ ቅያታት ንድሕሪት 32 ዓመት ተመሊስና ክንዝክሮን ኣብ ሕድሮም ክንጸንዕን ብስም ዝወደቑሉ ሓመድ ቃልና ነሐድስ።

በቃ!! ንሱ እዩ እቲ መልሲ ናይ'ቲ ምስጢር። ምስጢር ዕማኾ ሓመድ ውሰጠ-ዘ እዩ። ዝወደቑሉ ዝትንትኖ። ኑቲ ኩሉንትኡ ሃገር ዝዋኒኑ ጥራይ ዝፈትሖ ምስጢር ዝጸረ ሓመድ እዩ ሓመድ ኤረይ። እንሆ ኣብቲ ዕድመ ምሉእ ጎበዝ ዘጠቕለለ ጽንቡል ቅንያት ናጽነትና ኣብ ውሑስ መሬት፡ ትርኣስ ሰማእታት ዝኾነ ሓመድ እናተላዕለ ንኹብሮም ብንፋስ ሰላም እናተሰነየ ሃገር ይዘውር ኣሎ። ከምቲ ዕላምኡ ዝሕብሮ ሓመድ ኤርትራ እቲ ዝኸበረ ህያብ ሰዉኣትና፡ ጸጋ ሃገርና ምስጢር ህላወናን ክብርናን ምኻኑ እዩ።







ኣብታ ሓንሳብ ብደቃ ምስ ከበረት ዘይተደፍረት፡ መደበር ጅግንነትን ቃልስን ዝኾነት ኩተማ ናቕፋ ዝተበገሰ ታሪኻዊ ዑደት ቅምሶ ሓመድ ኤረይ፡ ምስ ህዱእ ንፋስ እናተወሃሃደ ሃገር ብምልእታ ክዘውር ከሎ፡ ቀልዓ ሰበይቲ፡ መንእሰይ ሽማግለ፡ ኮታስ ኣብዛ ሓመድ ሕድሪ ዝፈረየ ዘበለ ድማ ብሓበን የሰንያ ኣሎ። እንተሎ ኣብ ሓመዳ ክድረር እንተ ሓሊፉ ኣብ ሓመዳ ክቕበር ዝብህግ ህዝቢ ንኽልተ ሰላሳ ዘፍረዮም እናኸፈለ ሓመዱ ኣውሒሱ እዩ። ንኹሕሊ ዝተሓሰበ ንቝልዒ ኾይኑ፡ ዓይኒ ሃገር ክደፍን ንዝመጸ ቈምተኛ ከከም ኣመጻጽኡ ይመልሶ ኣሎ። ዝኽሪ ህያብ ናጽነት ብዕማኾ ሓመድ፡ ኑቲ ሕልፈ ካልእ ንሓመዱ ዝኑበር ትውክልቱ ኮይኑ ክኑበር እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ መሬት፡ ኩበረት ኣባሪ ሰላም ንምውሓስ መሪር እዋን ኣሕሊፉ እዩ ኣብዚ በጺሑ።

ክይብንቀር፡ ከይለዓል ሓለዋ ዝወጸ ዜጋ ኣብቲ ህዱእ ንፋስ ዝነፍሶ መሬት ዓዱ ናጽነቱ ንምጽንባል እዩ ዝሸባሸብ ዘሎ። ይከኣሎ ዝፈጸሞ ዋርሳይ ክደግሞ፡ ዋርሳይ ዝዓመሞ በዓል ስጡም መስርዕ ንኣሰይ ክዛዝሞ ምስ ተዓዘበ፡ ጸላኢ ሰናይ ደጊም ዓይኑ`ኳ ኣይከፍትን ናብዛ መሬት። ሓመድን ንፋስን እዛ ቅድስቲ ሰፍራ ታሪኹ ረዚን እዩ። እዚ ቅነ መንፈስ እቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ እዛ ሃገር ንኹብሩ ዝተዋደቐ ጅግና ተቓላሲ፡ ንደቁ ኣሕሊፉ ክይሃበ ሂወቱ ዝተኾልፈ ህዝቢ፡ ዕድመ ቁልዕነቶም ክይጸገቡ መዚሓሊ ሕነ ዝኾኑ ህጻውንቲ፡ ጸሎቶም ናይ ዱዓ መደቦም ክይዛዘሙ ዝተረሸኑ ኣመንቲ ኮታስ መንፈስ ንሓመዱ ዝሓለፈ ዝጸረ ሓመድ እዩ ንኹልና ክበጽሓና። ንሕና ድማ ንመንፈሶም ምስ ንፋስ ሰላም ኣወሃሂድና ፍቕሪ ነስተማቕረሉ ህሞት እዩ። ከምቲ ኣባል ጉጅለ ሓመዳን ንፋሳን ብመንገዱ ግጥሙ ኣቢሉ ዝገለጾ እዩ። ኣነ'ውን እቲ እንኮ ክደግሞ ዝኽእል ቃለይ ንሱ'ዩ።

ንፋሰይ ንፋስ ፍቕሪ
ሓመደይ ማህደር ታሪኽ
ንፋሰይ ትንፋስ ኣሸሓት
ሓመደይ ትርኣስ ሰማእታት!

**ቤትኤል ስለሙን**
**ካብ ከረን**



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ክብሮኣብ ግርማይ ንገሰ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳሮን ሃንስ ህንጻ ናይ ሞዝዚት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ኮኾብ በርሀ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲ ክሱተ ብርሃ ወልዱ ናይ ሞዝዚትኻ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሚካኤል ተስፋጽዮን ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፥ ሚካኤል ረድኢ ተኽለጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ፥ ስም ኣደይ ድማ ተኽኣ ተኽለጽዮን ተወልደመድህን ምባል ተሪፉ፥ ፍዮሪ ዛህላይ ዐቅባገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳልሕ ማሕሙድ ዓብደሉ ስም ኣደይ ከድጃ ኢብራሂም ዓብዱላሂ ምባል ተሪፉ፥ ይሕደጋ ኢብራሂም ዓብዱልሓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ወ/ሮ ኣልማዝ ክፍለየሱስ እማኑ ኣደይ ለምለም ጉብረኪዳን ብሩ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ፍስሃየ ሃብቱ ነጋሲ፥ ኣደይ ኣስመረት ስዩም፡ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ናዝሬት ሃብተ፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃም ጸጋይ ሓጎስ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰሊ ይተሓለወለይ፥ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኤልያስ ሉቃስ፥ በዓልቲ ቤተይ ብስራት ካሕሳይ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰሊ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቃና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎዳይፍ

ወ/ሮ ርግበ ጉብረንጉስ ዓንደገርግሽ፥ ኣቦይ ጉብረንጉስ ዓንደገርግሽ ብርሃ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ተስፋጉብርኤል ተስፉ በዋና ብወኪል ኣቶ ግርማይ ብርሃ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ደፋዕ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸሎት

ወ/ት ረኪብ ሳህለ ኣብርሃ ወለደይ ሳህለ ኣብርሃ ጉብረማርያምን ናጽነት ብርሃ ጉብረእግዚኣብሄርን ስለዝተሰውኡ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ሰላት የናስ ኣርኣያ፡ ኣደይ ለተንስኤ ደበሳይ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሸማግለ

ከሳሲ ኣማኑኤል ሃንስ ተኽለይ፥ ወኪል ሃንስ ተኽለይ፥ ተኸሳሲት ወ/ሮ ብርኽቲ ማሰፍን ኣብርሃ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዶፈላሲ

ከሳሲት ወ/ሮ ናዝሬት ዓንደ ኣስገዶም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቃልኣብ ተኽለ ንገሰ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ኣርኣያ ሃብተማርያምን ወ/ሮ መርሃዊት ልበሱን፥ ስም ትሕቲ ዕድመ ጓልና ኣታኽልቲ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፥ ሰላት ኣርኣያ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍቅርም ምሕረትኣብ ጉብረመስቀል ምባል ተሪፉ፥ ፍቕረ ምሕረትኣብ ጉብረመስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ መለስ ሓይለም ግርማይ፥ ኣቦይ ሓይለም ግርማይ ሃብቱ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ሃብተ ክፍሉ፥ በዓል-ቤተይ ማተዎስ ሃብተማርያም ኣሰፍሃ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማሰሊ ይተሓለወለይ፥ 15 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ ርግኣት ኣብርሃም መልኣከ ምባል ተሪፉ፥ ኮዋኒት ኣብርሃም መልኣከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ናጽነት ሞገስ ምባል ተሪፉ፥ ናጽነት የናስ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 02 03 04 ጽረት ጊንዳዕ

ወ/ሮ ወይኒ ሓጎስ ሃብተማርያም፡ በዓል-ቤተይ ዘሙይ ሃብተ መሳዝጊ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 9 ደቁን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ከሳሲ ኣቶ እስቲፋኖስ ተኽለማርያም ተኽለገርግሽ፥ ተኸሰስቲ ኣቶ ኻልድ መሓመድ ድራርን ኢብራሂም መሓመድ ድራርን ናይ ፐዝዞብ ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ03 ከረን

ኣቶ ኤርሚያስ ተስፋሂወት ተከኤ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ግርማይ ገዚኢ ኣጽብሃ ተሰማ፥ ናይ ኣጣት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን9/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ውሳኔ ከወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዓሊ መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፥ ዓሊ መሓመድ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣወልከር ሰዒድ ኣላህ ምባል ተሪፉ፥ ኣወልከር ሳዒድ ሳዒደላህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ባረንቱ


ሚካኤል መልኣከ ዓንደገርግሽ፥ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ፍዮሪ ሚካኤል መልኣከ ምባል ተሪፉ፥ ኮኾብ ሚካኤል መልኣከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ተሰነይ

ሄለን ደሳለ ተኽለኣብ ምባል ተሪፉ፥ ሄለን ተስፉ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

New Book **APPROACH TO HIGH SCHOOL SCIENCE**

ንኹሎም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ (9, 10, 11ን 12ን ክፍሊ) ብዝያዳ ንተፈተንቲ ሃገራዊ መርመራ (Matriculation Exam) ኣዝዩ ብልጽትን ሓጋዚትን ዝኾነት መጽሓፍ (English Language, Mathematics, Chemistry, Biology and Physics) ዝሓዘት፡ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ መምህራን ዘሳተፈት፡ ሓዳስ መጽሓፍ ኣብ ኩለን ኣብያተ-መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኹም ኣላ።




ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ልዕሊ 500 ገጻት ምስ ዓሚቕ መግለጺ ናይ ነፍስ-ወከፍ ዓውደ-ትምህርቲን ክፍሊን
- ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- Self-evaluation tests for each topic and subtopic
- Model examination for all the five subjects
- ልዕሊ 3500 ምስ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም ሒዛ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኹም ኣላ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብቁጽሪ ቴሌ. 07278776/07204551/07234713ተወከሱና።

ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፤00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፤00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-Sichuan Mineral Construction Company is inviting qualified and competitive applicants for the following positions: -

**Geological Engineer:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

（1）According to the construction and pre-stripping plan within the project, implement the geological related works, organize the professional survey, guide and supervise the project construction progress;
（2）Organize the preparation of all kinds of geological survey data required for mine production, be responsible for organizing the technical innovation and solve the problems during the geological survey, and actively apply the new process and new experience of geological survey;
（3）Compile geological technology management specifications, guide and supervise geological personnel to do a good job and provide accurate geological data for mining production;

**Qualification Requirement**

**Education:**
（1）Master degree or above
（2）Engineering survey, geotechnical engineering, geological exploration and related majors

**Work Experience:**
（1）At least 10 years of project management with related geology work
（2）Relevant certificate is preferred
（3）People who have the Working experience in Chinese companies
（4）Excellent English and Chinese

**Other skills and abilities:**
(1) Excellent language skills
(2) Proficient in operating the OFFEICE office software
(3) Have Personnel management and leadership skills
(4) Have the knowledge of the local human resources market and government-related labor law policies

**Language:**
（1）Language fluency in English and Chinese is required.

**Additional requirements for Nationals:**
（1）Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defence.
（2）Present clearance paper from current/last employer
（3）Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
（4）Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
（5）Application documents will not be returned to the sender.
（6）All application should be sent though the post office.
（7）Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

**HR Manager:**

- Number Required – One (01)
- Place of work: Debarwa
- Type of contact: Definite period of two years
- Salary: As per the company salary scale

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

（1）Responsible for the specific implementation of the routine work in the recruitment, salary, performance, training, labor relations and other aspects of local personnel;
（2）Assist in developing and improving internal system and operation process;
（3）Collect the resource information of the local workers and manage the local workers;
（4）Responsible for the visa of Chinese personnel and other related matters;
（5）Complete other tasks assigned by the superior leaders;

**Qualification Requirement**

**Education:**
（1）Master degree or above
（2）Major in Human resource management or administrative management

**Work Experience:**
（1）At least 10 years of HR management or related work
（2）Relevant certificate is preferred
（3）People who have the Working experience in Chinese companies
（4）Excellent English and Chinese

**Other skills and abilities:**
(1) Excellent language skills
(2) Proficient in operating the OFFEICE office software
(3) Have Personnel management and leadership skills
(4) Have the knowledge of the local human resources market and government-related labor law policies

**Language:**
（1）Language fluency in English and Chinese is required.

**Additional requirements for Nationals:**
（1）Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
（2）Present clearance paper from current/last employer
（3）Testimonial documents to be attached (CV, Work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
（4）Only shortlisted applicants Would be considered as potential candidates for an interview.
（5）Application documents will not be returned to the sender.
（6）All application should be sent though the post office.
（7）Deadline for application: 5 days from the day of publication in the newspaper

- **Address: please mail your application to**

**Eritrea-Sichuan Mineral Construction Corp. Ltd.**
**P.O.Box 4832 Asmara, Eritrea**

**Note to Non-Eritrean applicants: Please send a copy of your application to**

**Aliens Employment Permit Affairs**
**P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea**


## ፒራሚድ ሬስቶራንት

**የሃና መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነትና እናበለ፣ ፒራሚድ ሬስቶራንት ብምኽንያት በዓል ናጽነት**
**- ንሰሉስ ዕለት** 23/05/2023
**- ንረቡዕ ዕለት** 24/05/2023
**- ንሓሙስ ዕለት** 25/05/2023
**ምሳሕን ድራርን ብርትዓዊ ዋጋ ቡፌ መግቢ ንኹሉ ስድራቤት ዝኣክል ኣዳልዩልኩም ኣሎ። ወይ ድማ ብመኣዲ ብዝመርጽኩሞ ምስ ስድራቤትኩምን ፈተውትኹምን ጥዑም መቐረት መግቢ ቡፌ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣስተማቕሩ። ብደሓን ምጽኡ! ንዝያዳ ሓበሬታ ሼፍ ፍስሃየ** 07129418.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቫለንሽያ ተቐጺዓ

## ቪንስየስ፡ ኣብዛ ወቕቲ ልዕሊ ማንም ተጻዋታይ ብሓለንጊ ዓሌትነት ዝተገርፈ ተጻዋታይ

እስጳኛዊት ክለብ ቫለንሺያ፡ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ሜዳኣ ደገፍታ ኣብ ልዕሊ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ቪንሰየስ ጁንየር ዓሌታዊ ኣድልዎ ምውራዶም፡ 45 ሽሕ ዩሮ ክትከፍልን ኣብ ሜድኣ ኣብ እተኻየደም ንሓሙሽተ ግጥማት ገለ ክፋል/ብሸፈል እቲ ስታድዩም ክዕጾን እገዳ ተገይሩሉ።




ቪንስየስ፡ ብሰንኪ ጸርፊ ናይ ደገፍቲ እናነብዐ

ይኹን'ምበር፡ እዛ ጋንታ፡ ነዚ ውሳኔ "ዘይፍትሓውን ተራእዩ ዘይፈልጥን" ብምባል፡ ይግባይ ክትብል ምዃና ኣፍሊጣ ኣላ። ብዘይካ'ዚ፡ እዛ ጋንታ፡ "ካብ ቀዳመይቲ ደቒቕ ጀሚርና ምስ ፖሊስን ዝምልከቶም ኣካላትን ነቲ ዘጋጠመ ፍጻመ ንምንጻር ተሓባቢርና ኢና። ብተወሳኺ፡ ብፖሊስ ዝተለለዩ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝበርም ደገፍቲ'ውን ንሓድመ ልክዕም ናብ ስታድዩም ከይኣትዉ ኣገዲናዮም ኢና።" ክትብል፡ ኣብ ዘውጸኣቶ መግለጺ ኣረዲኣ፡፡ ፖሊስ እስጳኛ ኣቐዲሙ፡ ምስ'ዚ ጉዳይ ምትእስሳር ከምዝለዎም ዝጠርጠሮም ሰለስተ ሰባት ቀፊዱ ምህላዉ ኣቐዲሙ ሓቢሩ እዩ።

ሪያል ማድሪድ ሰንበት ናብ ቫለንሺያ ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም፡ ብሰንኪ ደገፍቲ ዓዳሚት ጋንታ ኣብ ልዕሊ ቪንስየስ ብዘበርዎ ዓሌታዊ ግህሰት፡ እቲ ጸወታ ኣብ ካልኣይ እብረ ደው ክብል ተቓሲቡ እዩ። እዚ ተጻዋታይ፡ ኣብ መበል 97 ደቒቕ ብቐይሕ ካርድ ምውጻኡ ዝዘለር ኮይኑ፡ ድሒሩ ግን፡ ፈደረሽን እታ ሃገር ነቲ እተውሃቦ ቀይሕ ካርድ ሰሪዛሉ እዩ። በዚ ድማ፡ ቪንስየስ፡ ኣብ ተረፉ ዘሎ ግጥማት ኣይኽበከርን እዩ።

እዚ ጉዳይ ኣብዚ እዋን ልዑል ሸፈነ ረኺቡ ዘሎ ኮይኑ፡ ዝተፈላለዩ ተጻወትቲን ሰድራቤት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ጎድኒ ቪንስየስ ደው ኢሎም ኣለወ። ብዘይኣ'ዚ፡ መንግስቲ ብራዚልን ካልኦት ፍሉጣት ሰባትን ከኣ፡ ላ'ሊጋ ከም'ኡ'ውን ላዕለዋይ ተጻዋዲ ኩዕሶ እግሪ ኣንጻር ዓሌትነት ከበድ ስጉምቲ ክወስዱ ጸዊዖም ኣለወ። ብፍላይ ፕረዚደንት እቲ ሊግ - ጃቪር ተባስ ብመገዲ ናይ ትዊተር ሕሳቡ ኣቢሉ ንቪንስየስ ምንቃፉ፡ እቲ ሊግ መለሱ ክበሃርን ላ'ሊጋ ነቐፌታ ከወርዶን ተራእዩ ኣሎ።

ቪንስየር "ላ'ሊጋ ናይ ዓሌታውያን እዩ። ኣብ ብራዚል፡ እስጳኛ ከም ናይ ዓሌታውያን ሃገር እያ እትሕሰብ፡" ክብል መረርኡ ምጽሓፉ ይፍለጥ። ድሕሪ'ዚ ተባስ፡ ኣብ ጉዳይ ዓሌትነት እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ንምዝታይ ኣብ ዝሰርዕዎ ኣኼባ፡ ቪንስየስ ክልተ ግዜ ከምዘይቀረበ ብምግላጽ፡ "ቅድሚ ንላ'ሊጋ ምንቃፍካን ምጽላምካን ንኡበሽካ ብግቡእ ክትሕብር ኣለካ" ክብል እዩ መለሰሉ ነይሩ።

ብመልሲ እዚ በዓል ስልጣን ዘይተሓጎሰ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማን ሲቲ ናይ ሕጂ ተንታኒ ኩዕሶ እግሪ - ሚካል ሪቻርድስ ድማ፡ ብምሉኡ ደሙ ከምዝፈልሖ ተዛሪቡ። ንሱ፡ "ጃቪር ተባስ ንኡበሱ ናይ ኩሉ ጉዳይ ወዲኢቱ ከምዘኾነት ክገብራ እዩ ዝፍትን፡ ከምዚ ዓይነት መግለጺ ምውጻእ ከኣ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ። ደመይ ከም ዝፈልሖ እዩ ገይሩኒ፣ እዚ ሓደ ኣካል እቲ ጸገም እዩ" ኢሉ።

ንሱ ቀጺሉ፡ ንዓሌታዊ ኣድልዎ መጉትኢ ንምግባር ዝተወሰደ ማሰርሒ ከምዘይሰርሐ ብምግላጽ፡ "ሰባት ብዛዕባ'ዚ ኹሉ ተጉዳኢት የብሎምን፣ እዚ እዩ ከኣ እቲ ጸገም። ሰባት እንተዝቕጸዱ ወይ እንተዝሓልዩ ነይሮም ገለ ምገበሩ። ምንብርካኽ ወይ ከክ ኢት ኣውት 'Kick it out' ዝብል ማልያ ምኽዳን ፋይዳ የብሉን። ኣብዚ እዋን ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ደጋጊምና ክንዛረብ ኣሰልኪዩና ኣሎ፣ እኹል ተዛሪብና ኢና። ክሳብ ከበድ መቕጻዕቲ ዝመጽእ ከኡ ኩሉ ግዜ ሓደ እዩ ክኸውን። ብዓብኡ ኸኡ ጃቪር ተባስ ከም ዝሓሰብ እንተኾይኑ እንታይ ዕድል ኣለና?" ክብል ንተባስ ነቒፉዎ።

ብዘይኣ'ዚ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ብላክበርንን ቸልሲን - ክሪስ ሱቱን ብወገኑ፡ ቴባስ ካብ ቦታኡ ክእለ ኣለዎ ብምባል፡ "ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ሓያል ቦታ ወይ ስልጣን ከለኻ፡ ምስ ቪንስየስ ኣብ ቲዊተር ክትተፋሃንን ግጉይ ምኻኑ ክትዛረብን ከለኻ፡ ኣብቲ ቦታ ስለ ከሉ ከምዝለዎ ንኸሉ ሰብ ብግልጺ ርዱእ እዩ፡" ኢሉ።

ብመንጽሩ፡ ወላ'ኳ ቴባስ ንቪንስየስ ዝቅፍ መግለጺ እንተሃበ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር ዝኾነ - ሉዩስ ሩቢያለስ ግን፡ ኣብታ ሃገር ናይ ዓሌታውነት ጸገም ከምዘለዎም ተኣሚኑ እዩ። እንተ ሪያል ማድሪድ ግን፡ እዚ ፕረዚደንት እዚ ተግባር ደው ንምባል ዝኾነ ስጉምቲ ክወሰድ ብዘይምፍቃዱ ብምንቃፍ፡ ካብ ቦታኡ ክእለ ኣብ ዘውጸኣቶ ካልኣይ መግለጺ ኣፍሊጣ።

ወዲ 22 ዓመት ቪንስየስ፡ ኣብዛ ወቕቲ ብተደጋጋሚ ግዳይ ዓሌታዊ ኣድልዎ ከምዝኾነ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ብፍላይ ብደገፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ሕልፍ ዝበለ ግህሰት ገጢምዎ እዩ። ንገለ ካብዞም ፍጻመታት ንምግላጽ፡




ንቪንስየስ ንምድጋፍን ንዓሌታውነት ንምቅዋምን ኣብ እስጳኛ ተቓውሞ ዝገበሩ ብራዚላውያን

• ኣብ መስከረም 2022 ገለ ደገፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ኣብ ዝበርም ጸወታ፡ ኣብ ኣፍደገ ስታድዩም ሜትሮፖሊታኖ ብምዃኖም ናብዚ ድንቂ ተጻዋታይ ዝቐንዐ ዓሌታዊ ደርፊ ክደርፉ ተሰሚዖም እዮም። ካብዚ ወርሒ ከይወጸእና፡ ገለ ምህራት እታ ሃገር ነቲ ቪንስየስ ሹቶ ምስ ኣመዝገበ ዝገበሮ ናይ ሳዕስዒት ጸምብል ክነቕፉ እንከለዉ፡ ሓደ ካብኦም ድማ፡ "እዚ ናይ ህበይ ሳዕስዒት ኣቋርጽ፡ እንተደሊኻ ኣብ ብራዚል ኬድካ ሳዕስዕ" ብምባል ዘለፉዎ ነይሩ እዩ።

• ኣብ ታሕሳስ 2022፡ ኣብ ሜዳ ቫላዶሊድ ኣብ ዝበርም ጸወታ ተቐይሩ ክወጽእ እንክሎ፡ ብደገፍቲ እታ ጋንታ ግዳይ'ዚ ዘይስፖርታዊ ጭውነት ኮይኑ እዩ።

ኣብ ጥሪ 2023፡ እቶም ልዕሊ ዓቐን ዝጸልእዎ ዝመስሉ ደገፍቲ ኣትሌቲኮ ማድሪድ "ንዕኡ ይውክል እዩ ዝበልዎ ባምቡላ ማልያኡ ኣልቢሶም ኣብ ድንድል ብምንጥልጣል" ንሕሉፍ ጽልኦም ክገልጹ ፈቲኖም ምንባሮም ይዝከር። ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር፡ በዚ ጉዳይ ዝጠርጠሮም ኣርባዕተ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእቲዩ ምህላዉ ከኣ ዝሓለፈ መሓልቲ ሓቢሩ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ብደገፍቲ ማይርካ፡ ኣብ መጋቢት ብደገፍቲ ባርሰሎና ግዳይ እዚ ንብዙሓት ብሉጻት ጸለምቲ ተጻወትቲ ዘጉበዐ "ዓሌታዊ ኣድልዎ" ኮይኑ ኣሎ። በዚ ድማ፡ ቪንሰየር ካብዚ ሊግ ክወጽእ ከምዝኽእል ገለ ወገናት ይእምቱ።

---

## ባርሳን ኣልባን ተሰማሚዖም

እስጳኛዊ ተኸላኻሊ - ጆርዲ ኣልባ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ፡ ድሕሪ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ካብ ጋንታኡ ባርሰሎና ክወጽእ ምዃኑ ወማዓዊ መርበብ ሓበሬታ እታ ክለብ ኣፍሊጡ።

ኣልባ፡ ሽሕ'ኳ፡ ክሳብ ዓመተ-ስፖርት 2023-24 ዘጸንሖ ውዕል እንተነበሮ፡ ባርሳ ግና፡ ብሰንኪ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላው መሃያኡ ክትከፍሎ ከቢዱዋ ብምህላዉ፡ ክወጽእ ክትደፋፍኦ እያ ጸኒሓ።

እዛ ጋንታ፡ ሰሪ'ዚ ቅልውላው ካብ እዋን ኮቪድ 19 ጀሚራ ነዚ ተጻዋታይ ክትከፍሎ ዝጸንሐ ኣስታት 30 ሚልዮን ዩሮ ከምዘይሃበቶ ይግለጽ።

ፍርያት ኣካዳሚ እዛ ጋንታ "ላ ማሲያ" ዝኾነ - ኣልባ፡ ካብ 2012 ጀሚሩ እዩ ማልያ ናይ'ዛ ጋንታ ክወዲ ጀሚሩ። ዛጊት ድማ፡ ነዛ ጋንታ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት 458 ግጥማት ኣብ ዝተጻወተሉ፡ 19 ሸቶታት ከመዝገበ እንከሎ፡ 91 ኩዕሶ ሃንዲሱ፡፡ ሽዱሽተ ዋንጫ ላ'ሊጋን ሓንቲ ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከበአን 19 ዋንጫታት ድማ ዓቲሩ እዩ።



እዚ ድሕሪ 11 ዓመታት ካብዛ ጋንታ ዝወጽእ ዘሎ - ተኸላኻሊ፡ ድሕሪ ሰርጆ ቡስኬት ክወጽእ ምዃኑ ዝሓበረ ካልኣይ ዝወሓለ ኣገልግሎት ዝሃበ እዩ። ወላ'ኳ ጸወታ ክቕጽል ደዩ ጥሮታ ክወጽእ እንተዘይተሓበረ፡ ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድን ጁቬንቱስን ግና ተገዳስነት ረኺቡ ኣሎ። ባርሳ፡ ነዚ ተጻዋታይ ጽቡቕ ዕድል ተመንያትሉ ኣሎ፡ እዛ ጋንታ፡ ኣቐዲማ ንጀራርድ ፒኬ መሃይኡ ክትከፍሎ (ኣጉዲሉ ክጻወት ሓቲታቶ፡ ኣይተቐበሎን) ምጽጋማ ይፍለጥ። ፒኬ ድማ፡ ካብዛ ጋንታ ኣብ ወርሒ ሕዳር ብምውጻእ ጫማኡ ምስቃሉ ይፍለጥ።

**መደብ ጸወታ**

**ፕሪመር ሊግ**

ማን ዩናይትድ - ቸልሲ 10:00 ምሸት

---

## "ኢንተር ንማን ሲቲ ክትስዕራ ትኽእል እያ" ጓርድዮላ

ብኢንተር ሚላን ከምዝተመሳጠ ዝገለጸ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ - ፐፐ ጓርድዮላ፡ እዛ ኢጣልያዊት ክለብ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ንጋንታኡ ክትሰዕራ ከምእትኽእል ተዛሪቡ።

እዚ ዓላሚ፡ "ገለ ደቓይቕን ፍጻመታትን እዛ ጋንታ ክዕዘቦ ጀሚረ ኣለኹ። እቲ ዝሰርሕዎ ዝደነቕ እዩ። ምስ ተዓዘብኩዎም፡ እንታይ ይሓስቡ ንምፍላጥ ኣብ ኢጣልያ ንዝለዉ ገለ ኣዕሩኽተይ ደዊለሎም ነይረ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ዕቱባት ብምዃኖም፡ ድሉዋት ምህላዎም ነጊሮምኒ። ደሮ ገለ ደቓይቕ ምስ ተዓዘብኩዎም ፈሊጠዮ ነይረ እየ።" ኢሉ።

ጓርድዮላ ቀጺሉ፡ "ብልክዕ ክረትዑና ይኽእሉ እዮም። ደሮ ሰለስተ ዋንጫ ናይ'ዚ ውድድር ዓቲሮም እዮም - ንሕና ግና ፍጹም ኣይዓተርናን። እንተኾነ ዝሓሸ ክንጻወት እየ ዝደሊ - እቲ ናይ ዝሓለፈ ምእንቲ ክየጋጥም።" ክብል፡ ከምቲ ኣብ 2021 ኣብ ፍጻመ ጸወታ ብቸልሲ 1-ብ0 ዝተሳዕሩሉ ንኸየጋጥም ብሉጽ ጸወታ ከርእዩ ድላዮም ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኢንተርን ማን ሲትን ዝመጽእ ወርሒ 10 ሰነ እዋን ኣብ ቱርኪ - ኢስታንቡል ክፋለሙ። እዛ "ኔራዙሪ" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ኢጣልያዊት ጋንታ፡ ድሕሪ 2009-10 ንፈለማ ግዜ እያ ኣብዚ ኤውሮጳዊ ውድድር ኣብ ፍጻመ በጺሓ ትርከብ።

ኣብዛ ናይ ለሚ ዓመተ-ስፖርት፡ ሰለስተ ኢጣልያውያን ጋንታታት ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮጳዊ ውድድር በጺሐን ኣለዋ። ኢንተር ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ሮማ ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር ሰቪያ፡ ፊዮረንቲና ከኣ ኣንጻር ዌስትሃም፡ ንምጽዋት ተዳልየን ኣለዋ።

እዚ ብኣጋጣሚ ዝተፈጥረ ከምዝይኮነ ዝገለጸ - ጓርድዮላ፡ "ኣብ ኢጣልያ ተጻዊት እየ፣ ኣብዚ ዘሎ ኩነተ ኣእምሮ እፈልጦ እየ። ሰሪ'ኣ ቅድሚ 20 ዓመታት ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ሊግ ምንባሩ'ኳ ኩሎም ተጻወትቲን ኣሰልጠንቲን ናብኡ ክኸዱ ይደልዩ ምንባሮም ከኣ ክርሳዕ የብሉን። ብዘይካ'ዚ፡ ኢጣልያ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ዓለም ዓቲራ እያ። ክሳብ ሕጂ ከኣ እቲ ኩነተ-ኣእምሮ (ሜንታሊቲ) ኣብ ቦታኡ እዩ ዘሎ። በዚ ብምኽንያት እዩ ድማ፡ ኣንጻር ኢጣልያዊት ክለብ ኣብ ፍጻመ ምርኻብ ቀሊል ዘይኮነ።" ኢሉ።



## ሓጸርቲ ዜናታት

* ጀርመናዊ ተኸላኻሊ ክለብ ቦሩሽያ ዶርትሙንድ - ማት ሁመልስ፡ ክሳብ ሰነ 2024 ዘጸንሖ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ፈሪሙ። ወዲ 34 ዓመት ሁመልስ፡ ዶርትሙንድ ዋንጫ ንምልዓል ኣንጻር ዌር ሙኒክ ኣብ እትጉበሮ ዘላ ቃልሲ፡ ልዑል ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ሁመልስ ብማልያ እዛ ጋንታ ዛጊት 467 ግጥማት ኣካይዱ ኣሎ።

* ኢጣልያዊ ዓላሚ ኣንድርያ ፒርሎ፡ ቡታ ዘለልጥና ዝበረ ቱርካዊት ክለብ ፋቲህ ካራጉምሩክ ካብ ስርሑ ተባሪሩ። ኣብ ሰነ 2020 ንዛ ጋንታ ዝሓዘ - ፒርሎ፡ ወላ'ኳ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዕዉት እዋን እንተኣሕለፈ፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ግዜኡ ግና ኣይገደን። ንጁቬ ንሓደ ዓመት ምስ ኣሰልጠና ዝተባረረ - ፒርሎ፡ ንዛ ቱርካዊት ክለብ ከኣ ከምቲ ዝድለ ዕውትቲ ክገብራ ተኣጊሙ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ግጥማት ሰለስተ ግዜ ክርታዕ እንከሎ፡ እዛ ጋንታ ድማ ካብ መራሒት ዘላ ጋላታሳራይ ብ35 ነጥቢ ድሒራ ታሽዓይቲ ክትሰርዕ ተቐሲባ ኣላ።

* ብመሰረት ናይ ኢጣልያ ምንጪታት፡ ብኣሰልጣኒ ክለቡ ሕገስ ከምዝዘለ ዝገለጸ ወናኒ ጁቬንቱስ - ጆን ኢልካን፡ ነዚ ዓላሚ ብምድዋል ኣብ ዝመጽእ ዓመተ-ስፖርት 2023-24 ኣጉዳሲ ከምዝዩኾ ሓቢሩዎ። "ቢያንኮኔሪ" ዝብል ቅጽል ስም ዘለዋ ጁቬ፡ ንኻልኣይ ተኸታታሊ ወቕቲ ብዘይዋንጫ ንምውዳእ ኣብ ጫፍ በጺሓ ኣላ። ወላ'ኳ እዚ ወናኒ ኣብ ልዕሊ ኣለግሪ እምነት ከምዘለዎ ዝዛረብ እንተኾነ፡ እዛ ጋንታ ብሰኑይ ብኢምፖሊ 4-ብ1 ድሕሪ ምስዓራ ግና፡ ነዚ ኣሰልጣኒ ከምዝደወሉ እዩ ዝገለጽ ዘሎ። ጁቬ፡ ወላ'ኳ፡ ተቐሪጹላ ዝነበረ 15 ነጥቢ ተመሊሱላ ናብ ካልኣይ ደረጃ ደይባ እንተነበረት፡ ድሒሩ ግን፡ 10 ነጥቢ ስለዝተቐርጸላ ናብ ሻውዓይ ደረጃ ክትወርድ ተገዲዳ ትርከብ። በዚ ድማ፡ እዛ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሊግ ኤውሮጳ ብሰቪያ ዝተገለፈት ጋንታ፡ ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ካብ ምስታፍ ክትዕብጥር ተኽእሎ ኣለዋ። ጁቬ፡ ካብታ ራብዓይቲ ዘላ ኤሲ ሚላን ብሓሙሽተ ነጥቢ ድሒራ ኣላ - ኣብቲ ክልተ ግጥማት ጥራይ ተሪፍዎ ዘሎ ሰሪ'ኡ።

ሪፖርታዥ

# ጽምብል ናጽነት ኣብ ኮማዊ ዳስ መዓስከር ደንደን




ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

ህዝቢ ኤርትራ ንመበል 32 ዕለተ ናጽነቱ በብኸበቡኡን ምምሕዳሩን ህዝባዊ ዳስት ተኺሉ ብውዕውዕ ስምዒት፡ ብፍስሃን ትስፉውን መንፈስ ሃገራዊ ወረዱ ጸምቢሉ። ኣብ መዓስከር ስንኩላን ተንቀሳቐስቲ ኣቢቲ ህዝባዊ ዳስ ንዘተኻየደ ጽምብል ብኣካል ተዓዚብናዮ ኔርና። ኣብ መዓስከር ስንኩላን ዝቕመጥ ህዝቢ ነቲ ወትሩ ብምሕዳግ ኣገባብ ዘጸምብሎ ሃገራዊ ወረዱ ሎሚ ዓመት'ውን ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝደመቐ ሃዋህው ንኸብዕሎ ክሸባሸብ እዩ ወሪሑ።

ኣብ ደሮ መዓልቲ ሃገራዊ ናጽነቱ ብ23 ግንቦት 2023 ድማ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ ሃገራዊ ሓድነቱ ሰላሙን ፍቕሩን ብዘንጸባርቕ መንፈስ ተኣኻኺቡ ክሳብ መሬት ዓይኒ ዝሕዝ ብዛዕባ ክጻወትን ክደስትን ወዒሉ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ጽምብል፡ ሓላፊ ማሕበር ስንኩላን ደንደን ኣቶ የማነ ጸጋይ፡ መበል 32 መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ካብ ካልኦት ዓመታት ብዝያዳ ንምጽምባሉ ክዓለወሉ ከም ዝጸንሑ ገሊጹ፡ "ኣብዚ ዝሓለፈ 32 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ብመሪር ተጋድሎን ከቢድ መስዋእትን ንዘተጎናጸፍናዮ ናጽነት፡ ልኡላውነትና ንምዕቃብ፡ ሰላምናን ሰብኣዊ ክብረትናን



ንምውሓስ፡ ሃገርና ኣብ ኩሉ መዳያት ንምህናጽ፡ ተሪርናን ቦታናን ኣብ ዞባን ዓለምን ንምርግጋጽ፡ ዶምም ምስ ልዕለ ሓያላትን መጋበርያታቶምን ገጢምና፡ እሆ ኩሉ እቲ እከይ ውጥናቶምን ኣንጻርና ዘቐንዕዎ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ እገዳዊ፡ ዜናውን ስነ-ኣእምሮኣዊን ዕቕምታቶም ማኪትና ኣለና፡" ክብል ከኣ ኣስሚሩሉ።

እዚም ኣብ መዓስከር ደንደን ዝነብሩ ማሕበር ስንኩላን፡ ኣብ ዝዓለወዎ ሰፊሕ ዳስዮም ንኽብሪ ናጽነት ኤርትራ ብዘገልጹ ዝተፈላለዩ ማስነድኣታትን እኽሊ ማይ ብምድላውን ደሙቕ ጽምብል ኣካዪዶም። ኣብቲ ወንኻ



ብዘቐስቕስ ጓይላታት ድሚቑ ዝወዓለ ወረዳ፡ ንኽብሪ በዓል ናጽነት ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ግጥምታት'ውን ቀሪቦም ኔሮም።

ኣቦ'ቲ በዓል ዝተረኽበ ኣዛዚ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብርጋዴር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ "ኣብዚ ክብሪ መዓልቲ ናጽነትና፡ ብኸብ ዝበለ ሃገራዊ መንፈስን ደሙቕ ኣገባብን ንምኽባር፡ ሎሚ'ውን ከም ቀደምና ምትእኽኻብና፡ እቲ ዝለዓለ ጸጋ ናጽነትና እዩ'ሞ የሓና!" ድሕሪ ምባል፡ "32 ዓመት ጉዕዞ ናጽነት ኣብ ልምዓትን መኸተን ሓሊፉ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት መዓስከር ስንኩላን፡ ብኹሉ መዳዩ እቲ ወሳኒ ዝበሃል ትካል እዚ ትካል እዚ እዩ። ንሕና ደማ ክንፍለዮ ዘይግበኣና እዩ። እንተኾነ ብቲ ሓደ ወገን ናትኩም ስራሕ ንስርሒ ስለዝኾነ የሐሸወና፡ በቲ ሓደ ወገን ነቲ ናይ ስንኩላን ክብሪ ንውሰኸሉ ኣለና ኢልና ስለ ንሓስብ፡ ዋላ እኳ ቀጻሊ ብኣካል ምኻኽም እንተዘይከኣልና፡ ብልቢ ካብኹም ኣይተፈለናን። ናይ ስንኩላን ትርጉም መግለጺ ንዖና ሓይሊና እዩ፡ መግለጺ ብቕዓት ህዝባዊ ግንባር እዩ፡ ስንኩላን፡ ኣይሰንከሉን። ብምስራቱ ስንኩላን የብልናን። እንታይ ማለተይ እየ - ስንኩላን ስንኪሉም ብቓንዛ ብዘተፈላለየ ፈውሲ ብዘተፈላለየ ናይ ተራ'ፒ ሓገዝ ዓሕ እናበሉ ክነብሩ ከለው፡ ንሕና ተሳዒርና ኔርና እንተ ንኸውን። እዚ ስንኩልና እዚ ዓርተ ስንኩልና ምኾነ፡ ነቲ ዕላማና እናበጸሕናዮ፡ እናቐረብናዮ፡ እናተዓወትናሉ ከይድና፡ ንጸላእትና ሰዒርናዮም። ናይ ቀረባ ጸላእትና ጥራይ ዘይኮኑ ንርሑቕ ተመጣጢርና ነዮም ንኸይዋሉ ዝቃለሱና ከይተረፉ ሰዒርናዮም ኢና። ስውኣትናን ስንኩላንናን ከፊልና ተዓዊትናሉ። ዕላማ ህዝባዊ ግንባር ከኣ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ኣብ ዕላማኡ ከም ዝበጽሐ ገይርናዮ። ተሰዊእና ስንኩልና ምክያርን ንድሕሪት ምምላስን'ውን ኣሎ። ጸዓርና ነዮም ዝወዳደርና የለን ዝበሉ ሓያላን ናይ ዓለም'ውን ኣንበርኪኽና ንኸይሉ ዘለና መድረኽ በጺሕና ኣለና። እዚ በጺሕናዮ ዘለና ደረጃ ካልእ ሃገር ዝበጽሓቶ ኣለ ድያ - ካብ ትዕቢ ካብና ብምልያናት ትብዝሒ፡ ብቴክኖሎጂ ትምዕብል ኣይትምዕበል፡ ዝ. ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና መድረኽ ዝበጽሓቶ ሃገር. . .? ክብርን ኩርዓትን ንስውኣትናን ስንኩላንናን በዘኣዋሉ እናወሰኽ ስለ ዝኸደ፡ ድሕሪ ዕላማኻ ምውቃዕ፡ ድሕሪ ዝሰንከልካሉ ዕላማ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ምህዋት፡ ካብኡ ንላዕሊ ስለ ዘለ ኩሉ ግዜ ሕቡናት ኢኹም። ህዝቢ ኤርትራ በቲ ናትኩም ስንክልና ተዓዊቱ እዩ። ስለዚ ስንክልናና ወጻኢታትን ረቡሓን ኣቢቲ ሕብረተሰብ ስለ ዘለዎ፡ ኩራዕና ኢና እንክብር። ስንክልና እንቋዕ ኣይተሰዓርና። ስንክልና እንቋዕ ምስ ካልኦት ተመሳሲልና ኣይነበርና።



ስንክልና ስረናን ሓይልናን ብምዝባሪ ንዓለም እናኣርኣና ንኸይድ ህዝቢ ኢና። ፍቕርና ኣብ ልዕሊ ስንኩላና ልዑል እዩ፡ ምኻኽም ኣብዚ ብሓደ ምውዓልና ከኣ ዓቢ ሓበን ይስምዓና" ክብል ገሊጹ።

ኣባል ማሕበር ስንኩላን ደንደን ኣቶ ተስፋይ ኣሕደጉ፡ ኣብ ብርጌድ 58 ከም መራሒ ጋንታ ኮይኑ ኣብ ሻውዓይ ወራር ኣብ ግንባር ሓልሓል እናተዋግአ እንከሎ እዩ ስንክልና ኣጋጢምዎ።

ንሱ፡ "ዓመት መጺአ ብደሙቕ ኣገባብ እንካይዶ ሃገራዊ ጽምብል ህዝባዊ ዳስት፡ መግለጺ መንነትናን ሓገሰናን እዩ፡ ህዝቢ ሃገራዊ ወረዱ ንምምሕዳግ ብሓድነት፡ ፍቕርን ሰላምን ተሓቛቚፉ'ዩ በዓሉ ዘጸምብል ዘሎ። ምስጢር ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላም ቅሳነትን ከኣ እዚ ዘይንቕነቕ ሓይሊ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ፡ እዚ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ኣብ ህዝባዊ ዳስት ከንጸባርቕ ዝውዕል ደሙቕ ጽምብል ድማ፡ ጥሙር ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ መመላሲ እናተኸልዐ ይመጽእ ከም ዘሎ ዝምስክር'ዩ።

"ኣብ ዳስት እንካየዶም ጽምብላት ወትሩ መርኣያ ዘይብተኽ ሓድነት፡ ሰላምን ፍቕርን ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዝኾኑ፡ ብዘይፍለ ክንዕዘቦምን ዓመት መጺኣ ድምቀት ክንወስኸሎምን ይግባእ። ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነትና ከኣ ካብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ገዛ ኮይንና ዘበዓልናዮም ወጺእና፡ ብዘይስግኣት ምስ ንፈትዎም ሓለፍትናን መቓልስትናን ኴንና ኢና ተሓቛቚፍና ነብዕሎ ዘለና።

"ናጽነት ሃገርና ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ኣነጻጺርካ ክትርእዮ እንከሎኻ፡ ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ እዩ። ካብ ኣርባዕታት ጀሚርካ ምሕር ጽንኩር ገድሊ እዩ ተሓሊፉ። ህዝባዊ ግንባር ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣሰሊፉ፡ ከቢድ ቃልሲ እዩ ኣካይዱ። ንኹሉ ተጻብኦ ሰብ ሰርሖን ተፈጥሮን ተጻዊሩ፡ ምስ ህዝቡ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ሳላ ዝተጋደለ፡ ንኹሉ ማሰነይል ብዓወት ማሲሱ ኣሉ ወጺእዎ። ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ከኣ ኤርትራ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት እያ ዘላ፡ ከበቢና ንርእዮ ኣለና ብዝዩኻ ኤርትራ ካልእ ደቂሳ ትሓድር ሃገር የላን፡" ኢሉ።

ኣቶ ሚካኤል ደብሩ ብወገኑ፡ "ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ብረዚን መስዋእቲ ዝረኸቦ ናጽነቱ ብፍስሃ ሃዋሁ ኣብ ሓደ ዳስ ብፍቕሪ ተኣኻኺቡ ክጸምብሎ ክርኢ፡ እንከለኹ ፍሉይ ሓጎስ ይስምዓኒ። እዚ ጽምብል'ዚ ድማ መርኣያ ስጡም ሓድነትና፡ ፍቕርናን ሰላምናን'ዩ፡ ብዝኾነ ስንክልናይ'ውን ሓሰብ ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ኣነ ክሰዋእ እምበር፡ ስንክለ ክኣቱ ሓሊመዮ ኣይፈልጥን ኔረ። ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ ኣብ ኑሓሰ 1983 ስንክለ ክሳዕ ሕጂ ከኣ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ብስንክልናይ ሓሰበን ተጣዒሰን ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ዕላማይ ወቒዐ እየ። ናጽነት ሃገረይ ብምምጽኣ ካብኡ ንላዕሊ ዘሐጉሰኒ የለን። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ሳላ'ቲ ዘይሕለል ጻዕሩ ኣብ ትስፉው ደረጃ በጺሕና ኣለና። ንህዝቢ ኤርትራ፡ እንቋዕ ናብ መበል 32 ዓመት ናጽነትና ኣብቅዓና ክብሎ እፈቱ" ክብል ገሊጹ።

ወ/ሮ ጀምዓ ኣሕመድ፡ "ከም ሓደ ሰድራ ቤት ተጠርኒፍና ብፍስሃ ሃዋህው ወራይና ክንጽምብል ክርኢ እንከለኹ፡ ክገልጾ ዘይኽእል ሓጎሰይ ተሰሚዑኒ። እዚ ጽምብል'ዚ፡ ንዖና ንኤርትራውያን ዘኹርዕን ዘሐብነንን'ዩ" ኢላ።

ኣብቲ መዓስከር፡ ህጻናት'ውን ብጎድኖም መድብ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣዳልዮም ኔሮም። ህጻን ኑዳ ኢብራሂም፡ "በዓል ናጽነትና ብጣዕሚ'ዩ ዘሕጉሰኒ። ምኽንያቱ ኣዴታትናን ኣቦታትናን ዝተሰውእሉን ዝሰንከልሉን ስለ ዝኾነ፡ መበል 32 ዓመት ናጽነት ከኣ ብጣዕሚ ጽቡቕ ኣሎ። ተማሂርና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሕና ንሃገርናን ንህዝብናን ክንምዕብል ኢና። ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቀዓካ ክብሎ እፈቱ፡" ብምባል ሰናይ ምጽዋታ ገሊጻ።

ተቐማጦ መዓስከር ስንኩላን ንኽብሪ ናጽነት ብዘውክል ዝተፈላለየ ማስነድኣታትን እኽሊ ማይን ብምድላው ብሕጉስ መንፈስ ወሪዶም ጸምቢሎም። መዓስከር ደንደን ዳርጋ ኩለን ሕብሪ ብዝራትና ዝሓቑፍ ህዝቢ ዝቕመጦ ቦታ'ዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘተኻየደሉ ተደጋጋሚ ተጻብኦታት ማኪቱ ኣብ ርህው መጻኢ ኣብ ዘለወሉ መድረኽ፡ ብበሰሀ ገጹን ትስፉው መጻኢን ተሓጊሱን ተፈሲሁን ኣብ ህዝባዊ ዳስት ምጽምባሉ፡ እቲ ኻልእ ፍሉይነቱ'ዩ።

ብሓፈሻ እዚ ጽምብል ህዝባዊ ዳስት፡ ካብ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ብሰንኪ ኮሮና ቫይረስ ተደሪቱ ዝጸንሐ ወጺኡ፡ ምትእኽኻብ ብዝዩደን ብዝማዕረገን ሃዋህው ዝተጸምበለ ደባል ዝበለ ምሕዳግ ወራይ እዩ ኔሩ። ኩሉ ተሳታፊ መዓስከር ስንኩላን ድማ




ንጽመታ ኣብ ትስፉው መድረኽ ኮይኑ ብዝለዓለን ብዝማዕረገን ኣገባብ ንኽብዕሎ ቃል ብምእታው'ዩ ጽምብሉ ዛዚሙ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘመን | 25/05/2023 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223 ጥቓ እንዳ ማርያም ጥቓ ባር ትሬስቴለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ተሌፎን 127565

Sabur Printing Services